"መዓልታዊ ትንቢታዊ ቃል ንዓኻ"
ናይ ዕለታዊ ንበብ

ሕታም 4

ጥቅምቲ - ሕዳር - ታሕሳስ
2025

# ጥዑምብስራት

መዓልታዊ

# ንመንእሰያት



**ናጻ**
**ክሸየጥ ይብሉን**
እዚ ናይ ዕለታዊ ንባብ
ብተሓባበርትና ድሮ ስለ እተኸፍለሉ
ብናጻ ኽትዝርጋሕ ኣለዎ።

ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጾ ብስራት፡ ከም ዝሑል ማይ ንዝጸምኤት ነፍሲ እዩ። (መጽሓፍ ምሳሌ 25:25)

*Uebert & BeBe*
**ANGEL**



## ዩበርትን ቢቢን ኤንጅል

ዩበርትን ቢቢ ኤንጅልን ኣብ መላእ ዓለም ብስራት ጸጋ ኣምላኽን ትንቢታዊ መልእኽትታትን ኣብ ምዝርጋሕ መራሕቲ ድምጺ ኮይኖም ኣለዉ። ብተወሳኺ ውን ህቡባት ክርስትያናዊ መጽሓፍቲ ከም Spiritual Warfare, Intimacy, Prayer Banks, Supernatural Power of The Believer, Grace Driven Lifeን ጥዑም ብስራት መዓልታዊን ዝኣመሰሉ ደሪሶም ይከርቡ። እዞም መጽሓፍቲ እዚኦም ንኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኣንበብቲ ዓቢ ጽልዋ ኣሕዲሮም እዮም። .

በቲ ዘለዎም ራኢ፣ ምህዞን ትብዓትን ኣፍልጦ ዝርኸቡ ኮይኖም፣ ዓለምለኻዊያን መደርቲ እዮም። መልእኽትን ሓይልን ጸጋ ኣምላኽ ንምክፋል ብዘለዎም ዓሚቝ ኒሕ ህይወት ሚልዮናት ተንኪፎም እዮም። ከም መስረትቲ ቤተ-ክርስትያን ዘ ጉድ ኒውስ ቸርች (ስፒሪት ኤምባሲ) (The Good News church (Spirit Embassy))፣ በቲ ንመልእኽትን ሓይልን ጻጋ ኣምላኽ ንምዝርጋሕ ዘለዎም ወፈያን፣ ኣብ መላእ ዓለም ብሚልዮናት ዚቑጸሩ ሰባት ተንኪፉን ደሪኹን እዩ።

## ብዛዕባ ጥዑም ብስራት መዓልታዊ

እዛ ዕለታዊት ንባብ እዚኣ ብመንፈስ ክትዓቢን ቃል ኣምላኽ ክትርድኦን እትሕግዝ ክርስትያናዊ መምርሒት እያ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰለስተ ወርሒ ትዝርጋሕ ኮይና፡ ሓያል ርድኢታት፡ ትንቢታዊ ኣዋጃትን ትምህርትን ዘጠቓለለት እያ። በቲ ዘደንቕ ትምህርቲ ነቢይ ዩበርት ኤንጅል ተመሪሓ፡ ኣብ የሱስ ክርስቶስ ዘማእከለ ህይወት ንክትመርሕ እያ ተተባብዕ። ንጥዑም ብስራት መዓልታዊ ፍሉይ ዝገብራ፡ ኣብ መላእ ዓለም ብብዙሕ ቋንቋታት ምቕራባ እዩ። እዚ ድማ ዝኾነ ሰብ ኣብ ዝሃለዎ ይሃሉ፡ ነቲ ህይወት ዝቕይር መልእኽትታታ ከንብብን ከካፍልን ይኽእል'ዩ። እቲ ዝበለጸ ክፋል ድማ ኩሉ ሰብ ንከስተማቕራን ምስ ኻልኦት ንከካፍላል ናጻ ምኳና እዩ።





# ኣነ እየ

**ማቴዎስ 14:27**
**ግናኸ የሱስ ብኡብኡ፡ ኣጀኹም፡ ኣነ እየ፡ ኣይትፍርሁ፡ ኢሉ ተዛረቦም።**

ደቂ መዛሙርቲ የሱስ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ክኸይድ ረኣይዎ። ንሱ ግና "ኣነ እየ፡-" በሎም።ኣብ ሜርያም፡ ዌብስተር መዝገብ ቃላት፡ "ኣነ እየ":(IT IS I ) ምባል ወግዓዊ እዩ፡ማለት ናይ ጽሑፍ ቃል ኢዩ።የሱስ ግን ክዛረብ ከሎ ኢዩ ነዚ ቃል ተጠቂሙ ዘሎ።ኣብ ክንዲ( It is me) ምባልሲ ( it is I ) ኢሉ መሊሱ። የሱስ ንደቀ መዛሙርቱ ብትብዓት፣ ንርእሱ ኣነ እየ ኢሉ ኣላለያ። የሱስ ብመንፈስን ብስርዓተ ቃልን ቅኑዕ እዩ ነይሩ።

መንእሰያት፡ ኣብ መጽናዕትኹም ይኹን፡ ኣብ ዝምድናታትኩም፡ ወይ ኣብ ፕሮጀክትታትኩም፡ ህበብላታት ህይወት ክገጥሙኹም ከለዉ፡ ኣገዳስነት ርእሰ፡ምትእምማን ዘክሩ። ከም የሱስ ኩን፤ ተሲእካ "ኣነ ጓል ወይ ወዲ እቲ ልዑል ኣምላኽ እየ" እናበልካ ንኹነታትካ ተዛረብ። ዝኾነ ኣብ መንገድኻ ዝመጽእ ህበብላ ከተህድኦ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ተሰኪምካዮ ዘለኻ ስልጣን ተጠቐመሉ።

ካልኦት ድማ "መን እዩ እዚ መንእሰይ ኣብ ቤት ትምህርትና ንተማሃሮ ዝፍውስ" ኢሎም ተገሪሞን ይሓቱ። ኣብ ናይ ሳይንስ ክፍልታትካ ሓደስቲ ቀመማት ንምፍጣር ብልሒ ይሃልኻ። ኣብ ከተማና ምዕቡል ነገዳዊ መን ይውንኖ ኢሎም ክሓቱ እዮም። ደው ኢልካ "ኣነ እየ" በል፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**

ንዝኾነ ይኹን ዘጋጥመኒ ማዕበል ከህድኦ ስልጣን ኣሎኒ። ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወተይ በቲ ሓያል ስም የሱስ ሰንሰለት ይሰብር ኣለኹ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 52:6





# ባህርያትካ ሓሉ

**ሮሜ 5:3-4**
**ግናኸ ብጸበባ ድማ ንመካሕ እምበር፡ እቲ ጸበባስ ትዕግስቲ ኸም ዜምጽእ ስለ ዝፈለጥና፡ በዚ ጥራይ ኣይኰነን። ትዕግስቲ ድማ ምፍታን፡ እቲ ምፍታንውን ተስፋ፡**

ባህርይኻ ኣብ ቓላትካ እዩ ዚርአ። ብኸመይ ኢኻ እትዛረብ፣ የሱስ ክኽሰስ ከሎ ስቕ ከም ዝበለ መጽሓፍ ቅዱስ ይገልጸልና ። ናይ ቃላትካ ባህሪ ባህርያትካ እዩ። ንቓላትካ ተጠንቂቕካ ርኣዮ፣ ቃላትካ ናይ ህይወትካ መግለጺታትን ነጸብራቕን እዩ።

ባህርያትካ ኽትሃንጸሉን ንህይወትካ ከተልዕልን እትኽእለሉ መገዲ ህይወት ጸሎትን ቃል ኣምላኽን እዩ። ቓል ኣምላኽ ንባህርያትካ ክቐርጾ፣ ልብኻ በቲ ቃል ምልኣዮ። ራእይ ድማ ንባህርያትካ ምእንታን ኽትሕሉ ይሕግዘካ እዩ።

ወለድኻን መምህራንካን ወይ ኣብ ቤተ፡ክርስትያን መራሕትኻ ክእርሙኻ ኽፍትኑ ኸለዉ ትዕቢት ኣይትመላእ። መግናሕትን መእረምታን ምቕባል ትሕትና እዩ። ዝኾነ ነገር የጋጥመካ፣ ካብ ባህርይኻ ኸውጽኣካ ኣይተፍቅደሉ። ንስኻ ኵሉ እቲ ቓል ዝብለካ ኢኻ። እቲ ቃል ጥበብ መሊእካ እዩ ዝብል። ትሑት ነጥቢ ዘለዎ ጸብጻብ እንተ መጸካ ወላ ባህሪኻ ኣይትቀይር፣ ዝለዓለ ሕሰብ ዝለዓለ ድማ ኽትረክብ ኢኻ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንነብሰይ ብቃል ኣምላኽን ጸሎትን እየ ዝሃንጽ። ናይ ለውጢ ሓይሉ ድማ ኣብ ባህርየይ ይርአ ኢዩ። ቀዳምነታተይ ምስ ናይ ኣምላኽ መለኮታዊ ስርዓታት ዝሰማማዕ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊጲ 2:5-8





# ስነ-ስርዓት ዘለዎ ህይወት

**ምሳሌ19:20**
**ኣብ መውዳእታኻ ጥበበኛ ኽትከውንሲ፡ ምኽሪ ስማዕ፡ ተግሳጽውን ተቐበል።**

ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጥቕሲ፣ ኣብ ማሕበር ለባማት ሰባት ክትኣቱ እንተደሊኻ ተግሳጽ ክትቅበል ከም ዘለካ ይገልጽ። ኣብ ህይወት ዓወት ንምርካብ ስነስርዓት ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ሂወት ስነ፡ስርዓት ዘይምህላው ኣቃልቦኻ ከዘናብልን ከዳናጉየካን ይኽእል እዩ።እዚ ወርሒ እዚ ንኣቃልቦኻ ስነስርዓት ኣትሕዞ።

ስነ-ስርዓት ዘለዎምን ዕዉታትን ሰባት "ምናልባት" ዝብል ቃል ኣይኣምኑን እዮም። ንሓደ ነገር ቃል ክትኣቱ ከለኻ፡ ኣብኡ ጽናዕ፡ ይጥዓመካ ኣይጥዓመካ ብዘየገድስ።ንመንፈስ ቅዱስ ስርዓት ከትሕዘካ ተወከሎ። ህይወትካ ምስክር ናይቲ ደጋጊምካ ብስነስርዓት እትገብሮ ምስሊ ኢያ።

ዓወት ብሓደ ለይቲ ዝመጽእ ዘይኮነስ ውጽኢት ናይቲ መዓልታዊ ዝግበር ውሳኔታት ኢዩ። ስለዚ፡ መደብ ኣውጽእ፡ ብዘይንቕነቕ ተወፋይነት ድማ ተኸተሎ። ኣብ ንኣሽቱ ጉዳያት እውን ከይተረፈ እሙን ኩን፣ ንግሆ ንግሆ ዓራት ምንጻፍ ይኹን፣ ናይ ስራሕ ቦታኻ ጽፉፍ ምግባር ወይ ጥዕና ዘለዎ ምምጋብ። እዚ ብምግባርካ ድልዱል ልምድታት ተጥርይ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ንህይወትካ ንዝዓበየ ጸውዒት ተዳልዋ። ለባም ኩን፡ ስነ፡ ስርዓት ዘለዎ ህይወት ንበር።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ስነ-ስርዓት ዘለዎ ህይወት እየ ዝነብር። መወዳእታ ኣብ ዘይብሉ ጥበብን ሃብትን ከምኡውን መለኮታዊ ጥዕናን ዘለዎ ኢዩ ምንጨይ። ብስም የሱስ ዘስግለኒ ነገር የለን። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 12:11-12



ቀዳም፣ 4 ጥቅምቲ

# ኣብ ኣእምሮኻ እንታይ ኣሎ?

**1ይ ቆሮንቶስ 2:16**
**ንእግዚኣብሄር ኪምህሮ ኢሉ፡ ሓሳቡ ዝፈለጠኸ እንታዋይ እዩ፧ ንሕና ግና ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና።**

መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ፡ግዝፈ ሓንጎል ናይ ሓደ ቈልዓ ኣብ 12 ዓመቱ፡ ምስ ናይ ሓደ ዓቢ ሰብ ይመጣጠን እዩ። ይኹን እምበር ርኡይ ዝኾነ ምጉባዝን፡ ብስለትን ይቕጽል ኢዩ። ስምዒታዊ ምዕባለ ብሓፈሻ ቅድሚ ኣተሓሳስባኻን ምቁጽጻር ድርኺት ወይ ስምዒትካን እዩ ዝፍጸም።ድሕሪ እዚ ስዒቡ ዝመጽእ ድማ ናብ ብጽሕና ምስግጋር ኢዩ።

መብዛሕትኡም መንእሰያት ካብ ጸወታ ጀሚርካ ክሳብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምስ ሞባይል ዝተተሓሓዙ እዮም፤ ዲጂታላዊ ንጥፈታት ሎሚ ኣእምሮ ብዙሓት መንእሰያት ሒዙ ኣሎ። ኣእምሮ ብንጥፈታት ዝተወጠረ ኢዩ። ንድቃስካን ስሚዒትካን መጽናዕትኻን ድማ ክጸልዎ ይኽእል።

ናይ ክርስቶስ ኣእምሮ ኣለካ። ጽቡቕን ንጹርን ኣወንታዊን ዝኾነ ነገራት ሕሰብ። ንነብስኻ ከም ሓደ ዕዉት ወናኒ ንግዲ፡ ወይ ናይ ሃገርካ ፕረዚደንት ወይ ከም ኦሎምፒክ ወርቂ ሜዳልያ ተዓዋቲ ጌርካ ኣብ ኣእምሮኻ ስኣሎ። እቲ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባ ህይወትካ ዝብሎ ቀጻሊ ኣስተንትኖ። እቲ ቃል ጥራይ እዩ ንኣእምሮኻ ዜጽርየልካን ብብሉጽ ኣተሓሳስባ ዚመልኦን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ቃል ኣምላኽ ብቐጻሊ ኣብ ኣእምሮይ ኣሎ። ኣነ ምስ ክርስቶስ ኣብ ሓደ ኣእምሮ እየ ዘለኹ። ብዛዕባ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጥራይ ስለዝሓስብ፣ ኣብ ህይወተይ ዓበይቲ ነገራት ጥራይ ኢዩ ዝርአ ። ሃሌሉያ፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ቆሮንቶስ 2:11



ሰንበት፣ 5 ጥቅምቲ

# ሻጽ ገና ኣይተዛዘመን

**ዮኤል 2:25**
**ኣነ ኸኣ ኣቶም ኣንበጣን ኲብኲብታን ጐደበን ሓሰኻን፣ ኣባኻትኩም ዝሰደድክዎ ዓብዪ ሰራዊተይ ዝበልዖን ዓመታት ክኸሕሰኩም እየ**

ክሳዕ ክንደይ ከም ዝሰጎምካ ወይ ከም ዘይሰጎምካ ኢልካ ኣይትጨነቅ፣ ከመይሲ ጉዕዞኻ ገና ኣየብቅዐን ዘሎ፡- ዋላ ሓደ ሰብ ወይ መንግስቲ ነቲ ዝኸሰርካዮ ኽመልሰልካ ኣይክእልን ይኸውን ኣምላኽ ግን ክመልሰልካ ይኽእል እዩ።

ምናልባት ነገራትካ ኣዝዩ ዝተበላሸወ ኣብ ክትመልሶ ዘይከኣለካ ኩነታት ዝበጽሐ ክመስለካ ይኽእል ይኸውን፡ ወይ ድማ ንህይወትካ ገምጊምካ ወላሓደ ምዕባለ ከይገበርካ ብዙሕ ግዜ ከም ዘባኸንካ መሲልካ ይኸውን። ሎሚ ብስራት ሒዘልካ መጺአ ኣለኹ፥ ገና ጉዕዞኻ ኣይተወድአን፡-

እቲ ኣባኻ ዝነብር ዘሎ መንፈስ ቅዱስ መሐደሲ ምኧኑ ኣስተውዕል፡- ካብቶም መወዳድርትኻን ነቐፍትኻን ተጻባእትኻን ኣዝዩ ኣቀዲሙ ሓሊፉ ብሓደ ሚእቲ ስጉምቲ ንቕድሚት ከሰጋግረካ ይኽእል እዩ። እቶም ቀዲሞምኻ ዝመስሉ ዝነበሩ ሰባት ነገራትካ ከመይ ገይሩ ኣብ ሓጺር ግዜ ከም ዝተለዋወጠ ምስ ረኣዩ ክግረሙ ኢዮም።ክግረሙ እዮም። ስለዚ መንፈስ ኣምላኽ ክመርሓካን ክትውከሎን ኩሉ ግዜ ኣስተብህል።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣምላኽ ኣብ ህይወተይ ጽቡቕ ነገር ይገብር ኣሎ። ንሱ መሐደሲየይ እዩ። እቲ ዝበለጸ ግዜይ ገና ይመጽእ ኣሎ  ኣየብቅዐን። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መክብብ 3:11





# ብዋጋ ኢየ ተዓዲገ

**1ይ ቆሮንቶስ 6:20**
**ብዋጋ ተዐዲግኩም ኢኹም እሞ፡ ስጋኹም ቤተ መቕደስ እቲ ኣባኻትኩም ዘሎ፡ ካብ ኣምላኽ እተቐበልኩምዎ መንፈስ ቅዱስ ምዃኑ፡ ናይ ርእስኹምውን ከም ዘይኰንኩምዶ፡ ኣይትፈልጡን ኢኹም፧ ስለዚ ብስጋኹም ንኣምላኽ ኣኽብርዎ።**

ናይ ሎሚ ጥቕሲ ብዋጋ ከም ዝተዓደግና የዘኻኽረና። ድሕነት ብጥርሑ ኣይኮነን መጺኡ፤ ዋጋ ተኸፊልዎ ኢዩ፣ እቲ ዋጋ ድማ የሱስ ክርስቶስ ባዕሉ እዩ። ንሱ ኣብ ክንዳና ተኸትከተ። ንስኻ ናይ ገዛእ ርእስኻ ከምዘይኮንካ ኣይትረስዕ፤ ኩልንትናኻ ዋጋ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ፡- መዓልታዊ ኩሉ ሂወትካን ስጋኻን ከም መስዋእቲ ኣቕርቦ። ሎሚ እቲ ፍቕሪ ኣምላኽ ንዓኻ ተዳልዩ ኢዩ ዘሎ፣ ስለዚ ተጠቐመሉ።

ብክርስቶስ የሱስ ምስ ኣምላኽ ተዓሪቕካ ኢኻ። ጽን ኢልካ ስምዕ፡- ኣምላኽ ብዘይ ቅድመ ኹነት እዩ ዘፍቅረካ። ኣብ ልዕሌኻ ጽልኢ ኮነ ኩነኔ የብሉን። እዚ ኢዩ እቲ እንሰብኮ ጥዑም ብስራት። ንስኻ ናይ ጎይታ ስለዝኾንካ ምስኡ ዝያዳ ግዜ ኣሕልፍ። ሰላምን ሓጐስን ፍቕርን ኣብኡ ጥራይ እዩ ዝርከብ። ንጸገማትካ ፍታሕ ዝኸውን ጐይታና የሱስ ክርስቶስ እዩ።

ዝኾነ ህይወት ዝቕይር ውሳነ ቅድሚ ምውሳድካ መጀመርታ ንፈጣሪኻ ተወከስ፤ ኣብ ጌጋ ኣይክትወድቕን ኢኻ። ኣብ ኩሉ እትገብሮ ንኣምላኽ ኣኽብሮ። ንስኻ ብኣምላኽ ዝተፈቶኻ ኢኻ፡ ነዚ ክቕይሮ ዝኽእል ነገር የለን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብዋጋ እየ ተዓዲገ፡ ካብ መርገም ሕጊ ድማ ተሻይጡኒ ኢዩ፡የፍቅረኒ ስለዝኾነ ድማ ኩሉ ነገረይ ንእግዚኣብሔር ኣሕሊፈ እህብ ኣለኹ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 5:1





# ነቲ ማእሰርቲ ስበሮ

**ሉቃስ 13:12**
**የሱስ ምስ ረኣያ፡ ጸዊዑ፥ ኣቲ ሰበይቲ፡ ካብ ሕማምኪ ተፈቲሕኪ ኣሎኺ፡ በላ።**

የሱስ ክርስቶስ ነታ ን12 ዓመት ብደም ትሳቐ ዝነበረት ሰበይቲ ረኸባ ። ናብ ብዙሓት ሓካይም እኳ እንተኸእደት ኵሉ ገንዘባ ድማ እንተኣጥፈአት ከሕውያ ዝኽእል ዋላ ሓደ ኣይረኸበትን ። እታ ሰበይቲ ንጌይታ ኽትረክብ ኢላ በቲ በቲ ጽቅጥቅጥ ዝብል ዝነበረ ህዝቢ ሓለፈት ። ኣብታ ህሞት እቲኣ ነቲ ቐምሽ የሱስ ምስ ተንከየቶ ማእሰርታ ተበትከ።

ብሰንኪ ጭንቀት፣ ውድቀት፣ ተስፋ ምቝራጽ ወይ ብዓለማዊ ትምኒታት ተሸጊርካ፣ ትገብሮ ወላ እንተጨነቐካ መዋጽኦ ከም ዘሎካ ኣስተውዕል። ብጸሎትን ጾምን ጸኒዕካ ንኣእምሮኻን ንመንፈስካን ድማ ብቓል ኣምላኽ መገበ።ኣብ የሱስ ኩሉ ናይ ምሕዋይ ሓይሉ ንዓኻ ኢዩ ዝጽበ ዘሎ። ኣብዛ ዓመት” ማእሰርታት ምስባር” ካብ ኵሉ ዓይነት ባርነት ሓራ ኢኻ እትወጽእ።
ንነብስኻ ከምዚ ኢልካ ኣዘክራ “ኣነ ሰንሰለት ሰባሪ እየ፡-” ህይወትካ ብናይ እግዚኣብሔር ነገራት ምልኣያሞ፣ ካብ ኩሉ ኣሉታዊ ትምኒት ድማ ሓራ ክትከውን ኢኻ። ብእኡ ድማ ሓራ ክትወጽእ ኢኻ። ሃሌሉያ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንነፍሲ ወከፍ ሰንሰለት ክሰብር ካብ ላዕሊ ሓይሊ ኣለኒ። ብስም የሱስ ካብ ኩሉ ባርነት ነጻ እየ። ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሉቃስ 9:43





# ናይ ፈውሲ ወኪል

***መዝሙር ዳዊት ቃሉ ልኢኹ ኣሕወዮም፣ ካብ ጕድጓዶም ከኣ ኣናገፎም።***

ከምቲ ሰብ ዝሰርሖ መድሃንት ክፍውሰና ዝኽእል ቃል ኣምላኽ ውን ናይ ፈውሲ ሓይሊ ኣለዎ። እዚ ማለት ድማ እቲ መድሃኒት ከም መድሃኒት እንተወሲድካዮ ከሕውየካ ይኽእል ኢዩ።

ኣቱም መንእሰያት ዝኾነ ይኹን ሕማም ምስ ዘጋጥመኩም ነቲ ኣብ ውሽጥኹም ዘሎ ሓይሊ ቓል ኣምላኽ ብምንቕቓሕ ገዛእ ርእስኹም ከተሕውዩ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ቃል ንባዕሉ ምስቲ ዝብሎ ዘሎ ዝሰማማዕ ውጽኢት የምጽእ ኢዩ ልክዕ ከምቲ ኣብ ናይ መድሃኒት መጠቕለሊ ዝብሎ እቲ መድሃኒት ከምኡ ክገብር ሓይሊ ዘለዎ።

. ኣብ ቃል ኣምላኽ ዝርከቡ ናይ ፈውሲ ጽሑፋት ፈውሲ ናይ ምፍጣር ዓቕሚ ዝሓዙ እዮም፣ ኣብቲ ቃል እንተጸኒዕካ ድማ ብርግጽ ምስክርነት ሒዝካ ክትምለስ ኢኻ። ነቲ ናይ ኣምላኽ ናይ ፈውሲ ቃላት መዓልታዊ ኣንብበን ኣስተንትኖን፣ ከምቲ ሓካይም መድሃኒት ክእዝዙ ከለዉ ዝህብዎ መምርሒ ጌርካ ተኣዘዞ። እግዚኣብሄር ክፍውሰካ እዩ ዝደሊ፡ ኩሉ እቲ ክትፍወስ ዘድልየካ መምርሒ ድማ ኣብ ቃል ኣምላኽ ኣሎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንቓል ኣምላኽ ከም መዓልታዊ ናይ ፍውሲ ትእዛዝ ገይረ እየ ዝወስዶ። ቃል ኣምላኽ ንኣካላተይ የሕውዮ ኢዩ ብመለኮታዊ ጥዕና ድማ ኢየ ዝመላለስ። ሃሌሉያ። ኣሜን።

**ተወሳኺ *መጽናዕቲ***
ኢሳይያስ 53:5





# ኣብራካድብራ – ክዛረብ ከለኹ ነገራት ይፍጠሩ

**1ይ ቆሮንቶስ 2:16**
**ንእግዚኣብሄር ኪምህሮ ኢሉ፡ ሓሳቡ ዝፈለጠኸ እንታዋይ እዩ፧ ንሕና ግና ሓሳብ ክርስቶስ ኣሎና።**

"ኣብራ" ዝብል ቃል ካብቲ ናይ ኣራማይስ መመዘኒ "ሃብራ" ዝመጸ ኮይኑ፡ ትርጉሙ ድማ "ፈጢረ" ማለት እዩ። ብተመሳሳሊ "ካድብራ" ካብታ "ካዳባ" እትብል ቃል ዝመጸት እያ፣ እዚ ቃል እዚ ድማ ናይ ኣራማይስ ትርጉም ናይታ ብእብራይስጢ "ካዳባ" እዩ፣ ትርጉሙ ድማ "ኣነ እዛረብ ኣለኹ" ማለት እዩ። ስለዚ ዝኾነ ይኹን ትዛረቦ ልክዕ ከምቲ ዝተዛረብካዮ ትፈጥር። ቃል ኣምላኽ ጥበብ ከም እንዛረብ ይገልጹ፣ እዚ ድማ ብግሪኽ "ሶፍያ" ማለት "ምሉእ ብልሒ" ማለት እዩ። ክንዛረብ ከለና ቃላትና ብጥበብ ዝመልኡ ኢዮም።

ቃል ኣምላኽ ክትዛረብ ከለኻ፡ ብልሕን ጥበብን ዝመልአት ሶፍያ ኢኻ ትዛረብ። የሱስ ናብ ምድሪ ቅድሚ ምምጽኡ ስሙ ኣብ "ሰማይ ዘሎ ቃል" እዩ ነይሩ። እግዚኣብሄር ንዓለም ክፈጥራ ኽሎ ቃል ብምዝራብ ጥራይ እዩ። ኣምላኽ ናብ ውሽጥኻ ዘሊሉ ንኽእቱ ኣብ መንፈስካ ቦታ ዝረክብ ቃል ምስ ዝህልወካ ኢዩ።

ኲሉ እቲ ኻባኻ ዚወጽእ ቃል ነገራት ይፈጥር ኢዩ። ህይወት ተዛረብ በቲ እትዛረቦ ቃላት ድማ ብዓወት ንበር። መንግስተ ሰማይ ይድግፈካ ኢዩ፤ እቲ ጽቡቅ ዕድላት ናይ ትምህርትን ውዕላት ናይ ስራሕን እጽበየካ ኣሎ፡- ሕጂ ቃል እውጽእ፡-

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብዛ ዓመት እዚኣ ኣብ ዝገብሮ ዅሉ ነገራት ህይወት እዛረብ ኣለኹ፡- ብስም የሱስ ስም፣ ኣኺሉ ዝተርፍ በረኸት ድማ ኣሎኒ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 4:29





# ምሕረት

**ድጕዓ ኤርምያስ 3:22-23**
**ምሕረቱ ኣይተወድኤን እዩ እሞ፡ ጥራስ ዘይጠፋእናስ ጸጋ እግዚኣብሄር እዩ።ኣብ ጸጽባሕ ሓድሽ እዩ፡ እሙን ምኽንካ ዓብዩ እዩ።**

ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ንግሆ ንግሆ ዚሕደስ ሓደ ነገር ኣሎ፣ እዚ ኸኣ ምሕረት እዩ። ኣምላኽ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሓድሽ መዓልቲ ሓድሽ ምሕረት የውሕዘልና እዩ ። ምሕረቱ ዘየቋርጽ እዩ። ኵሉ እቲ ዝገበርካዮ ጌጋ ብክርስቶስ ተደምሲሱ እዩ። ናይ ሎሚ ምሕረት ከም ናይ ትማሊ ምሕረት ኣይኰነትን፣ ንግሆ ንግሆ ሓድሽ ምሕረት ኢዩ ዝወሃበካ።

ምሕረት ማለት ካብቲ ዝግበኣካ ሳዕቤን ምድሓን ማለት እዩ። መዝሙር ዳዊት 78:38 “ምሕረትን ርህራሄን ዝመልኦ እዩ” ይብል። ከመይ ዝበለ ሓጐስ ኰን እዩ፦ ኣምላኽ ፈጺሙ ከም ዘይቑጠዓካ ምፍላጥ ከመይ ደስ ዘብል እዩ። ኣብቲ ትሑት እትኽሰሰሉ ግዜ ብጸሎትን ቃል ኣምላኽን ምስ መንፈስ ቅዱስ ብሕብረት ግዜ ኣሕልፍ።

ኣብቲ ዝጸልመተ መዓልትታትካ እውን እንተኾነ ሓጐስ ኩሉ ግዜ ንግሆ ከም ዝመጽእ ኣረጋግጸልካ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ሓድሽ ኣገልግሎት ምሕረት የሰንየካ ኢዩ። ንስኻ ውሉድ እቲ መሓሪ ኣምላኽ ኢኻ። ሕጂ ኣመስግኖ፦ ሎሚ በዚ ትንቢታዊ ቃል ጌርካ ጨድር፡ ዝለል፡ ኣጸምብል።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጌጋይ ብዘየገድስ ምሕረት ኣምላኽ ታሪኸይ ዳግማይ ጽይሕፎ ስለ ዘሎ ኣብ ህይወተይ ለውጢ ኣሎ።ኣነ ይልወጥ ኣለኹ። ምሕረት ኣምላኽ ኣብ ጸጽባሕ የሐድሰኒ'ዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዳዊት 23:6





# ኣምላኽ ጥዕና ክህልወካ እዩ ዝደሊ

**3ይ ዮሐንስ 1:2**
**ኣታ ፍቁር፡ ከምቲ ነፍስኻ ዝጠዐየት፡ ብኹሉ ደሓን ክትህሉን ክትጥዕን እምነየልካ አሎኹ።**

ኣምላኽ ጥዕና ኪህልወካ ይደሊ እዩ። ናይ መእሰይ ዕድሜኻ ንዕቤትን ምዕባለን ቀንዲ ወሳኒ እዋን እዩ። ጽቡቕ ስምዒት ንኽህልወካ፡ ጥዕና ንኽህልወካ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከተተኩርን ኣብ ኣካላዊ ምንቅስቓሳት ክትሳተፍን ዘድልየካ ኩሉ ክትገብርን፣ ጥዑይን ዝተመጣጠነን ኣመጋግባ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ።

ብዙሕ ማይን ጥዕና ዘለዎ ፈሳስን ስተ። ካብ መጠን ንላዕሊ ሽኮር ዝሓዙ መስተ ድማ ኣወግድ። ካብቲ ንጠባይካን ንኣሰራርሓኻን ብሕማቕ ልምዲ ዝጸሉ ነገራት ተጠንቀቕ። ከም ናይ ኣቦኻ ወረሲ መጠን መለኮታዊ ጥዕና ተዋሂቡክስ ኣሎ። መዓልታዊ ኣብ ልዕሊ ጥዕናኻ ቃል ኣምላኽ ተዛረብ ኣብ ብቕዓትካን ኣመጋግባኻን ድማ ግብራዊ ስጉምቲ ወስኽሉ።

ስጋኻ ምድራዊ ማሕደር መንፈስ ቅዱስ እዩ፤ ስለዚ ነቲ መንበሪ ማለት ኣካላትካ ንምዕቃብን ንምሕያልን ዝከኣለካ ኩሉ ግበር። ንስኻን ዓለምን ካብቲ ኣብ ውሽጢ መንፈስ ቅዱስ ዝርከብ መዝገብ ምእንቲ ኽትጥቀሙ ንኣካላትካ ብሉጽ ጌርካ ሓዞ። ኣሜን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጥዕናይ ፍጹም እዩ። ሎሚ ጥዑይ ናብራ ክነብር መሪጸ ኣለኹ። ክብሪ ኣምላኽ ክእውጅ ኢየ እምበር ኣይክመውትን እየ። ሃሌሉያ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
3ይ ዮሐንስ 1:2-5



ሰንበት፣ 12 ጥቅምቲ

# ንኣሉታዊ ዘረባ እበዮ

**ምሳሌ 6:2**
**ብቓላት ኣፍካ ተትሒዝካ፡ ብቓላት ኣፍካ ተፈንጠርካ።**

ዝኾነ ይኹን ዘጋጥመካ ኵነታት፥ ናይ ትምህርትኻ ሕማቕ ነጥቢ፣ ነግራም ኣውቶቡስ ዘዋሪ ይኹን ወይ ኣብ ኣካላትካ ሕማም ብዘየገድስ ኣሉታዊ ቓላት ከቶ ኣይተውጽእ። ንርእስኻ ተቈጻጸርን ብቓል ኣምላኽ ምምላስ ተምሃርን። ቃል እምነት ወትሩ ኣብ ኣፍካ ይኹን።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝብሎ ዘሎ ጥቕሲ በቲ ንዛረቦ ቃላት ኢና እንተሓዝ። ቃላትና ጌጋ እንተኾይኖም ነገራትና ውን ጌጋ ኢዩ ዝኸውን። እዛ ናይ ሎሚ ጥቕስና ብቓላት ኣፍና እምበር ብጸላእትና ወይ ብኽፍኣት ከም ዘይንፍንጠር ተጕልሕ።

ቃላት ኣዝዮም ሓያላት እዮም፤ ሱር ክሰድዱ ይኽእሉ እዮም። ለባም ኩን፡ ኣብ ምፍራስ ዘይኮነስ ኣብ ምህናጽ ነገራት ምዝታይ ግዜኻ ኣሕልፍ። ንሕና ውጽኢት ናይቲ ትማሊ ዝተዛረብናዮ ቃላት ኢና። ብኣፍካ ኣይትፈንጠርፍ፤ ጸላኢኻ ዲያብሎስ ዘይኮነ ከናፍርካ ክኸውን ይኽእል እዩ። ንኻልኦት ዝሃንጹ ቃላት ጥራይ ተጠቐም። ካብ ሕጂ ንደሓር ንኣምላኽ ዘሐጉስ ኣወንታዊ ቃላት ጥራይ ተዛረብ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
**ቃላተይ ንገዛእ ርእሰይን ንኻልኦትን ዚሃንጽ ኢዩ ። ኣሉታዊ ዘረባ ኸቶ ኣይክዛረብን እየ። ቃላተይ ውጽኢታውን እምነት ዝመልኦን እዩ። ብስም የሱስ ኣሜን።**

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 12: 36-37



ሰኑይ፣ 13 ጥቅምቲ

# እቲ ዝሰምዕ እዝንን፡ እቲ ዝርኢ ዓይንን

**ምሳሌ 20:12**
***ነታ ሰማዒት እዝንን፡ ነታ ረኣዪት ዓይንንሲ፡ ንኽልቲኤን እግዚኣብሄር እዩ ዝገበረን።***

እዝንናን ዓይንናን ንከባቢና እንምርምረሉን ንፈልጠሉንኣዝዩ ኣዝዩ እተሓላለኸ ክፍሊ ኣካላት እዩ። ናይ ኣምላኽ ናይ ምፍጣር ሓይሊ ኣብ ኲሉ ህዋሳትና ብመለኮታዊ መገዲ እተኣሳሰረ ኢዩ። ኣዒንትን ኣእዛንን ንኽዓያ ምኽንያት ዝኾነን ምንጪ ብርሃንን ድምጽን ንሱ እዩ።

ናይ ሎሚ ጥቅስና ሰማዒት እዝንን ርኣይት ዓይንን ከም ዝብል ኣስተውዕል። ብዙሓት ሰባት ዓይኒ ኣለዎም ግን ብመንፈስ ኣይርእዩን፤ እዝኒ ኣለዎም ግን ብመንፈስ ኣይሰምዑን እዮም። የሱስ ከይተረፈ ውን "እዝኒ ዘለዎ ይስማዕ" ኢሉ።

መንእሰያት መንፈስ ኣምላኽ እንታይ ይብል ከም ዘሎ ኽንሰምዕ ኣገዳሲ እዩ ። ምንቅስቓሱን ድራኸኡን ኣስተውዕሉ። ቃል ኣምላኽ ኣብ ብምንባብን ኣብ ምጽናዕን ግዜ ኣሕልፉ። ብፍላይ ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ንመንፈስ ቅዱስ ብኹሉ ተወከሉ። መንፈሳዊ እዝንኻን ኣዒንትኻን ኪኽፍተልካ እዩ። ናብ ቅኑዕ ቦታ ክመርሓካ ንህይወትካ ድማ ዕቤት ክውስኸሉ ኢዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣእዛነይ ንናይ ኣምላኽ ነገር ጥራይ እዩ ዘቕበል፤ ንሂወተይ ኣብ ዝዓበየን ዝሓሸን ቦታ ክትመላለስ ከላ ኢየ ዝስእላ። ዓወት ናባይ ገጹ ይመጽእ ኣሎ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 13:16



ሰሉስ፣ 14 ጥቅምቲ

# ንጸሎት ሽለል ኣይትበሎ

**ቆሎሴ 4:2**
**ጸሎት ኣዘውትሩ፡ ብእኡውን ብምስጋና ንቕሑ።**

“ምስ ጎይታ ጽቡቕ ግዜ ክሕልፍ ከምዘለኒ ይፈልጥ እየ፡ መደበይ ግን ኣዝዩ ጽዑቕ ስለዝኾነ፡ ንኽገብሮ ግዜ ምርካብ ጸጊሙኒ ኣሎ” ክትብል ትኽእል ኢኻ። እቲ ሓቂ ግን ንኻልእ ኣገዳሲ ትብሎ ነገራት ግዜ እንዳ ረኸብካ፡ ንጸሎት ግን ሸለል ኢኻ ትብሎ ዘለኻ።

ካልእ ኩሉ ገዲፍካ ኣብ የሱስ ጥራይ እተተኩረሉ ግዜ ድለ። ምሳኻ ሕብረት ክገብር ፍቐደሉ። ብመንፈስ ቅዱስ ኣቢልካ ምስ ኣቦኻ ትራኸበሉ ግዜ ክህልወካ መዓልታዊ ቀዳምነት ግበሮ። ኣብኡ ኢኻ መልስኻ ትረኽበ።

ኣብ ህላዌኡ ንዘልኣለም ምልኣት ሓጐስን ደስታን ኣሎ። እቲ ኩሉ ግዜ ትስከሞ ክብደት ምስ ኣቦኻ እናተዛረብካ ከለኻ ክጠፍእ እዩ። ኩሉ ግዜ ዘክር፡ ንምጽላይ ሓይሊ እንተ ደኣ ስኢንካ፡ ንኸይትጽሊ ሓደ ነገርሓይልኻ የጕድሎ ስለዘሎ ኢዩ፡ ንስኻ ውን ሓይሊ ወሲኽካ ክትጽሊ ኣለካ። ስለዚ፡ ሕጂ ጸሊ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ናይ ጸሎት ህይወት ክነብር እየ። ሕጂ ዝእዝዞ ኩሉ ብስም የሱስ ይፍጸም። ኣብ ህይወተይ ሰንሰለት ይብተኽ ኣሎ። ክብሪ ንኣምላኽ ይኹን። ሃሌሉያ። ኣሜን፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 6:18



ረቡዕ፣ 15 ጥቅምቲ

# ኣይተብኩር

**ኢሳይያስ 43:2**
**ብማያት ምስ እትሐልፍ፡ ምሳኻ ክኸውን እየ፡ ብውሒዝ ምስ እትሳገር ከኣ፡ ኣይኬጥሕለካን እዩ፡ ብሓዊ ምስ እትኸይድ፡ ኣይክትነድድን ኢኻ፡ ሃልሃልታውን ኣይኪህምኹካን እዩ።**

ስለዚ ሕማቕ ወይ ከቢድ ኵነታት የጓንፈካ ወይ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ዅነታት ብዘየገድስ ልብኻ ኺጭነቕ ኣይተፍቅድ። ኣምላኽ ከም ጽኑዕ ግምቢ ኣብ ጐድንኻ ኣሎ።

ውሉድ ኣምላኽ ስለዝኾንካ ካብ ሓደጋ እዛ ዓለም ተናጊፍካ ኣብ ውሑስ ቦታ ኢኻ ዘለኻ። ኣብ ልዕለኻ ዝፍሓስ ኲሉ ተንኮል ኸንቱ ኮይኑ እዩ። ኣይትፍራሕ። ከምቲ ትገብሮ ዘለኻ ቀጽል።ኣይተብኩር። ካብ ሰዓሪ ንላዕሊ ኢኻ።

ሰንበት ሰንበትን ኣብ ቤተ ክርስትያንካ ብቀጻሊ ተረኺብ ትምህርትኻ ውን ኣይትትረፍ። እቲ ዝያዳ ርግጸኛ ዝኾነ ቃል ኣባኻ ኣሎ። ነቲ ኣምላኽ ንህይወትካ ዘዳለዎ ነገር ፈጺሙ ዝዓግቶ ሰብ የለን። ንስኻ ኣብ ክርስቶስ ኣለኻ፡ ንሱ ድማ ኣባኻ ኣሎ። ክርስቶስ ኣብ ቅድሜኻ፡ ብድሕሬኻ፡ ኣብ ትሕትኻ፡ ኣብ ልዕሌኻ፡ ብጸጋምካ፡ ኣብ ክፍልኻን ኣብ መደባትካን ኣሎ። ኣብ ዘለኻሉ፣ ክርስቶስ ኣብኡ ኣሎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ክሳዕ ሕጂ ክጐድኣኒ ዝኽእል ኣጽዋር ኣይተፈጥረን። ካብ ኣምላኽ ዝኾነ መከላኸሊ ኣለኒ። ኣነ ነቲ ቓል ክትግብሮ እየ፣ ነቲ ኣብ ምድሪ ዝተዋህበኒ ዕዮ ድማ ኮውድኦ እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኢሳይያስ 54:17



ሓሙስ፣ 16 ጥቅምቲ

# ምልኣኒ

**ግብሪ ሃዋርያት 2:4**
**ኲሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም፡ መንፈስ ቅዱስ ኪዛረቡ ኸም ዝሀቦምውን ብኻልእ ቋንቋታት ኪዛረቡ ጀመሩ።**

እዛ ሎሚ ዘላ ጥቕሲ፣ ሰባት ኣብ ሓደ በታ ብመንፈስ ቅዱስ ከም እተመልኡ እያ ትነግረና። ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ዝፈሰሰ መንፈስ ቅዱስ ከም ናይ በረኻ ሓዊ ኣስፋሕፍሐ ኣብታ መዓልቲ እቲኣ ድማ 3000 ነፍሳት ተወሰኻ። ሰባት መንፈስ ቅዱስ ክመልኦም ፈቐዱሉ። ሃዋርያት ድማ በታ መዓልቲ እቲኣ ትእምርትን ተኣምራትን ገብሩ።

መንፈስ ቅዱስ ንኽመልኣካ ኽትብህግን ክትጠምን ኣሎካ። ከምቶም ኣብ ግብሪ ሃዋርያት (2) ዝነበሩ ቅዱሳን እቲ ዝነበርዎ ኽፍሊ ብሃልሃልታ ሓዊ ክሳዕ ዝመልእ ዝኾነ፣ ከምኡ ጽምኣት ኣለካዶ፧ መንፈስ ቅዱስ ምእንቲ ኽመልኣካ ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ዝምድና ይሃሉኻ።

ንርእስኻ ንመንፈስ ቅዱስ ኣሕሊፍካ ሃበ፣ ንሱ ድማ ክሳብ ጫፍ ክመልኣካ እዩ፣ 1/2 ወይ 3/4 ምሉእ ዘይኮነስ 100% ምሉእ። መንፈስ ቅዱስ እንተ መሊኡካ ጽምዋ፡ ፍርሒ፡ ጸቕጥን ጭንቀትን ኣብ ዝኾነ በታ ኣብ ኣይክቀርበካን ኢዩ። ንርእስኻ ብቓል ኣምላኽ መሊእካ መንፈስ ቅዱስ ክመልኣካ ንሰዓታት ጸሎት ግብር።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ ክርስትያን እየ። ኣብዘን ዳሕሮት መዓልትታት ኣብ ዓለም መፍተሒ ክኸውን ተዳልየ ዘለኹ። ሃሌሉያ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ወ. ዮሓንስ14:26





# ሓዊ ይነደድ

**ዘሌዋውያን 6:13**
**እቲ ሓዊ ወርትግ ኣብ ልዕሊ መሰውኢ ይነደድ፡ ኣይጥፋእ።**

ኣብ ግዜ ብሉይ ኪዳን፣ ካህናት ነቲ ናይ መሰዋእቲ ሓዊ ብቐጻሊ ከንድድዎ ትእዛዝ ነበሮም። መሰውኢኻ ምስ ኣምላኽ እትራኸበሉ ቕዱስ ቦታ እዩ። ብቓል ኣምላኽን ብጸሎትን ኣጐሃህሮ። መሰውኢ ዕቤትካ ዘወስኽ ቦታ ኢዩ። ኣብ ኵነታትካ ለውጢ ኽትገብር እንተደሊኻ ናይ መስውኢኻ ሓዊ ከትንድዶ ኣለካ።

መሰውኢኻ ኣቃጽሎ እሞ እቲ ኣብ ውሽጥኻ ዘሎ ሓዊ ብድሙቕ ክነድድ ኢዩ። ተንስእ እሞ ካብ ምንታይ ከም ዝተፈጠርካ ንዓለም ኣርእያ። እግዚኣብሄር፣ ፈጣሪ ኣድማስ ክትስከም እዩ ፈጢሩካ። ግዜኻ ሕጂ እዩ። ኩሉ ሰብ እቲ ኣባኻ ዘሎ ሓዊ ይርኣዮ።

ዝኾነ ይኹን ብድሆታት የጋጥመካ ብዘየገድስ፡ ጉዳይ ስድራቤት ይኹን፡ ትምህርቲ፡ ዝምድናታትካ፡ ወይ ጥዕና፡ እቲ መልሲ ሓዊ እዩ፦ ኣምላኽና ዝባላዕ ሓዊ እዩ፣ ንስኻ ድማ ዲኤንኤ ናይ ኣምላኽ ተሰኪምካ ኢኻ ትኸይድ። ኩሉ ሰብ ነቲ ኣባኻ ዘሎ ኣምላኽ ክርእዮ ምእንቲ እቲ ኣባኻ ዘሎ ሓዊ ይንደድ፦ ኣብዘን ዳሕሮት መዓልቲ ንብዙሓት ናብ ክርስቶስ ከተምጽእ ኣምላኽ ምእንቲ ብሓይሊ ክጥቀመልካ እቲ ካብ ኣምላኽ ዝኾነ ሓዊ ኣጉህሮ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ህይወተይ ብቐጻሊ ብሓዊ ኣምላኽ ትቀጻጸል ኣላ። ኣነ ሓዊ እየ፣ ኵሉ እቲ ዘጋጥመኒ ጸገማት ብስም የሱስ ኪመክኽ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዕብራውያን 12:29



ቀዳም፣ 18 ጥቅምቲ

# መዓልትኻ መደብ ግበረሉ

**1ይ ዜና መዋዕል 22:5**
**ዳዊት ከኣ፡ እዚ ወደይ ሰሎሞን ንኡስን ልምሉምን እዩ፡ እታ ንእግዚኣብሄር እትስራሓሉ ቤት ግና ኣብ ኲሉን ሃገራት ስምይትን ንእድትን ክተከውንሲ፡ ኣዝያ ዓባይ ክትከውን ይግባእ፡ ስለዚ ኸዳልወላ ደልየ ኣሎኹ፡ በለ። ሽዑ ዳዊት ቅድሚ ሞቱ ብዙሕ ኣዳለወ።**

ዳዊት ንሰሎሞን እታ ዝጸበቐት ቤተ መቕደስ ኣምላኽ ንምህናጽ ሰፊሕ ምድላዋት ገበረሉ። ንስኻ እውን ከም ዳዊት ንመዓልትኻ መዓልታዊ መደብ ከተውጽእ ኣሎካ። ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓት ኣሎካ ንኣታተን ብልምዲ ብከንቱ ኣይተሕልፈን። ካብ ንግሆ ምስተንሳእካ ኣትሒዝካ ኩሉ ግዜኻ ብመደብ ግበሮ፣ ምስ ኣምላኽ ተሕልፎ ኮነ፣ናብ ቤት ትምህርቲ ትኸደሉ ኮነ፣ሰዓታትካ መደብ ግበረሉ።

ናይ መዓልቲ መዝገብ ኣዳሉ።ንመንፈስ ቅዱስ ክመርሓካ ተወከሰ። ኣብ ኣእምሮኻ ብዙሕ ነገራት ኽትሕዝ ኣይትኽእልን ኢኻ። በዚ ከምዚ መዓልትኻ ብሰላም ክትውድእ ኩሉ መደባትካ ድማ ሽቶኡ ክወቅዕ ኢዩ።

ከም በዓል ኤሎን ማስክ ዝኣመሰሉ ዕዉታት ሰባት፡ ንብቕዓትን ፈጠራን ዝለዓለ ደረጃ ዘብጽሕ ስሉጥ መዓልታዊ ውጥን ኣለዎም። ኣዲኡ ማየ ማስክ፡ “ውጥን ትሰርሕ ሰበይቲ” እትብል መጽሓፍ ዝደረሰት ኮይና፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ 76 ዓመት ዕድሚኣ ናይ ፋሽን ሞዴልን ክኢላ ናይ ኣመጋግባ መምህርን ኮይና ኣላ። ንሳ ንበይና ኮይና ብዘይ ሰብኣይ ነዚ ሎሚ ኣብ ዓለምና ዝሃብተመ ሰብኣይ ኣዕብያ። ናይ ምውጣን ልምዲ ኣጥርይ፣ ምእንቲ ዕዉት ክትከውን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ዓብዪ ጳውዒት ኢዩ ዘለኒ። መንፈስ ቅዱስ ዕላማኡ ንኽፍጽም መዕልታዊ ይሕግዘኒ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዕንባቆም 2:2



ሰንበት፣ 19 ጥቅምቲ

# ጥሪትካ ብግቡእ ኣመሓድር

**ዘፍጥረት 2:15**
**እግዚኣብሄር ኣምላኽ ከኣ ንሰብ ወሲዱ፡ ኪዐይያን ኪሕልዋን ኣብ ገነት ኤድን ኣቐመጦ።**

ከም መንእሰይ ክርስትያን መጠን፣ ንኣምላኽ ከተኽብርን ንኻልኦት ክትጠቅምን ግዜኻን ክእለትካን ጸጋኻን ከተመሓድር ኣለካ። ዕላማ ሒዝካ ክትነብር የኽእለካ፣ ኽብሪ ኣምላኽ ኣብ ማሕበረሰባትን ዓለምን ብኣወንታ ጽልዋ ከተሕድር ውን ይሕግዘካ።

ኣምላኽ ብምሳሌታት ገይሩ ንኹልና ፍሉይ ተውህቦን ክእለትን ከምዝሃበና ገሊጹ ኣሎ (ማቴዎስ 25:14-30)። የሱስ ነቲ ዘሎና ተውህቦታት ንኽብሪ ኣምላኽ ኢልና ከነዕብዮ ሓላፍነት ከም ዘሎና ምሂሩና ኢዩ። ብልምምድን ብትምህርትን ብስልጠናን ኣቢልካ ኽእለትካ ኣብ ምምዕባል ግዜ እህልፍ።

ንገንዘብካ ባጀት ብምውጻእ ኣማሓድሮ፣ንመዓልታዊ ሂወትካን ዝጠራቀምን ከምኡ ውን ንመንግስቲ ኣምላኽ እተበርክተሉ እኹል ምእንቲ ክህልወካ ። እዚ ኸኣ ነቲ ኸም መንእሰይ መጠን ዘሎካ ሕላፍነት ስነ፡ምግባራዊ ስርዓታት ዘንጸባርቕ ኮይኑ ንገንዘባዊ መጻኢኻ ውን የመሓይሽ እዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
መንፈስ ቅዱስ ንጥሪተይ ብጥበብ ንኽመሓድሮ ይመርሓኒ ኣሎ። ኣምላኽ ዘርኢ ምእንቲ ኸይጐድለኒ ብገንዘብ ንመንግስቲ ኣምላኽ ምእንቲ ከበርክት ባሪኹኒ እዩ። ሃሌሉያ። ኣሜን፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 5:15



ሰኑይ፣ 20 ጥቅምቲ

# ቀዳማይ በረራ

**1ይ ቆሮንቶስ15:52**
**ብሓንሳእ፡ ብቕጽበት ዓይኒ፡ በቲ ናይ ድሕሪ ኹሉ መለኸት፡ እቲ መለኸት ኪንፋሕ እዩ እሞ፡ እቶም ምዉታት ድማ ብዘይሐልፍ ኪትንስኡ እዮም፡ ንሕናውን ክንልወጥ ኢና።**

ምንጣቕ ቤተክርስቲያን ኣብ ዝኾነ እዋን ክፍጸም ይኽእል ኢዩ። መንእሰይ ፣ሕጂ መለኸት እንተተነፊሑስ፡ ድሉው ዲኻ፡ የሱስ ከም ንጐይታኦም ዝጽበዩ ሰባት ኮይንና ክንነብር ነጊሩና ኣሎ። ነፍሲ ወከፍ እትሓልፍ ካልኢት ንምንጣቕ ቤት ክርስቲያን እናኣቕረበት ኢያ ትኸይድ ዘላ።

የሱስ ኣብ መንገዲ እዩ ዘሎ ። ወትሩ ኽትዳሎ ኣሎካ። ንቓል ኣምላኽ ብተገዳስንት ርኣዮ። ንፈተውትኻን ንስድራቤትካን ንየሱስ ከም መድሓኒኦም ገይሮም ንኽቕበልዎ ግበር። እንደገና ተወለድ። ብፍቕሪ ተመላለስ።

ሓደ መዓልቲ፡ እታ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክትከውን ኢያ። ሓደ መዓልቲ፡ እታ ናይ መወዳእታ ናይ ቤተ ክርስቲያን ኣገልግሎት ክትካየድ እያ። የሱስ ኣብ መንገዲ እዩ ዘሎ፣ እቶም ድሉዋት ዝኾኑ ጥራሕ ኣብታ ቀዳማይቲ በረራ ክኸዱ እዮም። ብድሕሪት ኣይትትረፍ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ንምንጣቕ ድሉው እየ። ድምጺ እታ መለኸት ክሰምዕ ናይ መንፈስ እዝኒ ኣለኒ። ኣብ ናይ መጀመርታ መጽሓፍ መዝገብ በረራ ስመይ ተጻሒፉ ኣሎ። ሃሌሉያ። ኣሜን፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ራእይ ዮሐንስ 9:6





# ብመንፈስ ቅዱስ ዝተመልአ

**ኤፌሶን 5:18**
**ዝርገት ኣለዎ እሞ፡ ብወይኒ ኣይትስከሩ። ግናኸ ብመዝሙርን ምስጋናን ብመንፈሳዊ ቕኔ ንብልብኹም ንጐይታ እናተቐኘኹምሉን እናደረስኩምሉን ንሓድሕድኩም እናተዛራረብኩምን፡ መንፈስ ይምላእኹም።**

"ብመንፈስ ቅዱስ ምምላእ" ክበሃል ከሎ ኣብ ትሕቲ ሓያል ጽልዋን ቊጽጽርን መንፈስ ቅዱስ ምኳን ማለት ኢዩ። እዛ ጥቕሲ ትብሎ ዘላስ፣ ኽሳዕ ንሰክር ብመንፈስ ቅዱስ ክንምላእ ከም ዘሎና ኢዩ። ከምቲ ኣብርሃም ብእምነቱ ከይተወላወለ ብመንፈስ ዝተመርሐ፣ ሓደ ኻብቲ ኣቦ እምነት ተባሂሉ ክፍለጥ ዝገበሮ ምኽንያት ከኣ እዚ እዩ።

ብቐጻሊ ብመንፈስ ቅዱስ ክትመልእ ዕላማ ግበር። እዚ ኸኣ ኣብ ቃል ኣምላኽ ግዜ ብምሕላፍን ብጸሎት ምስኡ ግዜ ብምውሳድን ማለት ኢዩ። ከምዚ ምስ ትገብር ኣብ መጽናዕትኻ ይኹን ወይ ስፖርት ወይ ኣብ ስራሕ ዝኣመሰለ ቐጻሊ ዓወትን ክብርን ዘለዎ ህይወት ክትመርሕ ኢኻ።

ምሉእ ብምሉእ ኣብ መንፈስ ቅዱስ ክትጥሕል ወስን። ንርእስኻ ምሉእ ብምሉእ ንዕኡ ኣሕሊፍካ ሃባ፣ ህይወትካ ድማ ናብ ሓድሽ ብራኸ ክትድይብ ከላ ተዓዘብ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ህይወተይ መዓልታዊ ብመንፈስ ቅዱስ ትምላእ ኣላ። እቲ ናይ ውሽጢ ሰበይ እንዳ ደልደለ ይኸይድ ከምዘሎን ኣነ ድማ ሎሚ ብግዝኣት መንፈስ ኣምላኽ ይመላለስ ከምዘለኹን እእውጅ ኣለኹ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:19



ረቡዕ፣ 22 ጥቅምቲ

# ንጽህና

**መዝሙር ዳዊት 119:9**
**ጐበዝ ንመገዱ ብምንታይ የንጽሃ፧ ከም ቃልካ ንነፍሱ ብምጥንቃቕ እዩ።**

ንጹህ ምኳን ማለት ካብ ዝኾነ ጎዳኢ ወይ ዝተበከለ ነገር ነጻ ምኳን ማለት እዩ። ከም ህዝቢ ኣምላኽ መጠን ንጹህ ሓሳባትን ቃላትን ተግባርን ክህልወና ክንጽዕር ይግባእ። ልክዕ ከምቲ ንጹህ ማይ እትደልዮ፡ ንጹህ ህይወት ክህልወካ ድማ ዕላማ ግበር።

ከም መንእሰይ መጠን ንጽህና ክበሃል ከሎ፣ ቅንዕናን ሕያውነትን ንኣምላኽ ቀዳምነት ምሃብን የጠቓልል። መጽሓፍ ቅዱስ ኣካላትና ቤት መቕደስ መንፈስ ቅዱስ ምኳኑ የዘኻኽረና (1ቆሮ 3፡16-17)፡ ካብ ጾታዊ ርኽሰትን ርኹስ ተግባራትን ክንርሕቕ ይላበወና። ምስ መዛኑኻ ክትመሳሰል ምድላይን፣ ቅድሚ ሓዳር ጾታዊ ርክብ ምፍጻምን ፡ ስድራቤት ክትምስርት ከለኻ ንመጻኢኻ ባሉታ ክጸልዎ ስለ ዝኽእል፡ ጥበብ ዘለዎ ምርጫታት ምግባር ወሳኒ እዩ።

ንዝመጹኻ ርኹስ ትምኒታት ንምስዓር ናብ ቃል ኣምላኽ ኣተኩር። ንመንፈስካ ብናይ ንጽህና ጥቕስታት ምልኣዮ ፣ ቃል ኣምላኽ ክመርሓካ ፍቐደሉ።ብንጽህና ምምልላስ ካብ ዓለማዊ ጽልዋ ንኽትርሕቕ የኽእለካ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኩሉ ርኹስ ድሌት ብብርሃን ቃል ኣምላኽ ይቃላዕ ኢዩ። ብኽብረ ኣምላኽ ንነብሰይ ንጹህ እናገበርኩ ንወለዶይ ጽልዋ ከሕድር እየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 5:8





# ካብ ጭንቀት ነጻ

**1ይ ጴጥሮስ 5:7**
**ንሱ ይሓልየልኩም እዩ እሞ፡ ንዅሉ ሓልዮትኩም ኣብኡ ኣውድቕዎ።**

ኣብዚ እዋን እዚ መጽናዕቲ ኸም ዚሕብሮ ኣብ መንእሰያት ብፍላይ ኣብ መንጎ 1997 ክሳዕ 2012 እተወልዱ ፣ምስ ቶም ዝሓለፈ ወለዶታት ኪነጻጸር ከሎ ብዙሕ ናይ ምጭናቕ ሽግር ኣለዎም ። ነዚ ጸገም እዚ ንምፍታሕ ብዙሕ ስራሕ ተሰሪሑ፣መጻሕፍቲ ተጻሒፉ፣ ከምኡውን ብኽመይ ከምትብድሆ ዝሕግዙ ኣገልግሎታት ተመስሪቱ ፣ ኰይኑ ግና ገና እናወሰኸ እዩ ዝኸይድ ዘሎ።

ናይ ሎሚ ዘላ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ ንዅሉ ጾርና ናብ ኣምላኽ ክንድርብዮ ከምዘለና ኢያ እትነግር። ዘጨንቕን ዘሰምብድን ኩነታት ክትረክብ ከለኻ ብሓይሊን ብጭካነን ናብ ኣምላኽ ሰው ከተብሎ ጥራይ ኢዩ ዘለካ። ። ብጭንቀት ክትሰቐ ኣይኮንካን ተፈጢርካ። ኣምላኽ ይሓልየልካ እዩ፣ ባህጉ ኸኣ ካብ ጭንቀት ናጻ ኴንካ ኽትነብር እዩ።

ኵሉ ሳዕ ትጭነቕ እንተ ደኣ ኴንካ ድያብሎስ መንፈስ ፍርሂ ሂቡካ ኣሎ ማለት እዩ። ጭንቀት፣ ፍርሂ ኸም ዚሓድረካ ኢዩ ዝገብር። ንኣእምሮኻ ብቓል ኣምላኽ ኣዕለቕልቕ፣ ንዅሉ ነገራት ኪቕይሮ እዩ፣ ሓራ ዝኾነ ህይወት ከኣ ክትነብር ኢኻ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብስም የሱስ ፍጹም ኣይጭነቕን ኢየ። ጭንቀት ግደይ ኣይኰነን ኣእምሮይ ብክርስቶስ ዝተመልአ እዩ። ኣምላኽ ንዓለም በረኸት ምእንቲ ክኸውን ብትብዓትን ልዕለ፡ባህርያዊ ሓይልን ይመልኣኒ ኣሎ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፌሶን 6:18



ዓርቢ፣ 24 ጥቅምቲ

# ሙዚቃ ኣብ እዝንኻ

**ማርቆስ 4:24**
**ድማ በሎም፡ ብትሰምዕዎ ተጠንቀቑ። በቲ እትሰፍሩሉ መስፈሪ ኺስፈረልኩም ኪውሰኸልኩምውን እዩ።**

መንእሰያት ንመን ከም እትሰምዑ ኣገዳሲ እዩ። እቶም እትሰምዖም ቃላት ኢኹም ኣብ ሂወትኩም እትደጋግምዎም። ናይ ደርፌ ግጥሚ ብተደጋጋሚ ኢዩ ዝስማዕ። እቶም ቃላት እቲኦም ኣብ ሂወትካ ኣዋጃት ኢዮም ዝኾኑ፣ ትዛረቦም ነገራትን ድማ ናብ ህላወ ምምጽኦም ዘይተርፍ ኢዩ።

መብዘሕትኦምናይደርፌቃላትስራሕሰይጣንኢዮም።ሙዚቓኣተሓሳስባኻን ጠባትካን ይጸልው ኢዩ።ሙዚቃ ዓቢ ሓይሊ ኢዩ ዘለዎ፣ምኽንያቱ ንሱ ጥራይ ኢዩ ካብ ሰማይ ናብ ምድሪ ዝመጽእ ነገር።ሉሲፈር እም ሰማይ እቲ ክኢላ ሙዚቀኛ ኢዩ ነይሩ።ስለዚ ሙዚቃ ሰይጣንን ሰዓብቱን ናብ ሂወትካን ከባቢኻን ንኽኣትዉ ቀንዲ መሳርሒ ኢዩ።

ኣምላኻዊ ግጥሚ ዘለዎ ሙዚቃ ስማዕ። እቲ እትሰምዮ ቓላት ይጸልወካ እዩ። ናይ ሎሚ ጥቕሲ መጽሓፍ ቅዱስ ነቲ እትሰምዮ ተጠንቂቕካ ኽትምርምሮ ኸም ዘሎካ እዩ ዚገልጽ። ኣብ ካልእ ትርጉም ከኣ ልዑል ኣቓልቦ ኽንገብረሉ ኸም ዘለና ይነግር። ደይመደይ ኢልካ ነቲ እትሰምዮ ዘለኻ ቃላት ኣቕልበሉ።ነቲ ቅኑዕ ዝኾነ ድምጺ ስማዕ።ንኣዘራርባኻ ክቖይሮን ንዓኻ ድማ ኻብቲ ካብ ኣምላኽ ዘርሕቅ መገድታት ከውጽኣካ ኢዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እዝነይ እንዳ ሓለኹ፥ ንኣምላኻዊ ሙዚቃን ህይወት ዘምጽኣለይ ቃላትን ጥራይ ክሰምዕ። ኣነ ብመንፈስ ኣምላኽ ኢየ ዝቃነ። ህይወተይ ድማ ክረጋገጽ ዝኽእል ውጽኢት ናይቲ ቃል እያ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ቆሮንቶስ 14:10



ቀዳም፣ 25 ጥቅምቲ

# ካብ ምጽንባር ተሓሎ

**ሉቃስ 5:16**
**ንሱ ግና ናብ በረኻ እናግለሰ ይጽሊ ነበረ።**

የሱስ ብተኣዛዝነት ንኣምላኽ ፍሉይ ዝኾነ ናይ ትውክልቲ ሂወት ይነብር ነበረ።ብፍጹም ኢዱ ህይቡ ንኣምላኽ ተኣዘዘ። ኩሉ ግዜ ንርእሱ እንዳፈለየ ብጸሎት ምስ ኣምላኽ ይሓብር ነበረ። ካብ ምስቲ ህዝቢ ምጽንባር ተፈሊኻ ናብ ኣምላኽ ክትጠብቕ ምረጽ ።

ኣቱም መንእሰያት፥ ከም ኣብ ምድረበዳ ዘለኹም ኮይኑ ዝስመዓኩም ኩነታት ትህልዉ ትኾኑ ክፋእ እውን ክመስል ይኽእል። ዓርክኻ ሓዲጉካ ይኸይድ፣ ንስኻ ድማ ዝገደደ ኢኻ እትሓስብ። እቶም ምሳኻ ዝነበሩ ኣዕሩኽትኻ ደጊም ምሳኻ ግዜ ከሕልፉ ኣይደልዩን እዮም። ኲሉ ነገራት ከምቲ ንስኻ እትደልዮ ኣይኰነን ውን ይኸውን።

የሱስ ኣብ በረኻ ምስ ኣምላኽ ግዜ ኣሕለፈ ሓይሊ ድማ ረኸበ። ኣብቲ ምድረበዳ ኽትሓልፍ ከለኻ ምስ ኣምላኽ ዝያዳ ግዜ ኸተሕልፍ ምረጽ። ተሌፎንካ ይኹን ጸወታ ቪድዮ ወይ ፈተውትኻ ወይ ምግቢ ዝብላዕ ኻብ ኵሉ ኣቓልቦኻ ዝሰርቕ ዘበለ ርሓቕ። ክትልዕል እንተደሊኻ ምፍልላይ ውን ይሓት ኢዩ። ናይካልኦት ምቅባል እንተ ትደሊ ኣለኻ ክትነፍር ኣይትኽእልን ኢኻ። ምስ ብዙሓት ሰባት ኣብ እትተሓናፈጸሉ እዋን ኣምላኽ ምስጢር ኪገልጸልካ ኣይክእልን እዩ። ኣምላኽ ኣብዚ ናይ መወዳእታ ዘበን እዚ ኽጥቀመልካ ፍቐደሉ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንመለኮታዊ ዕዮ ተፈልየ እየ። ህይወተይ ንብዙሓት ብርሃን ክትከውን እያ። ህይወተይ ንጥቕምን ዕዮን ጎይታ ድልውቲ እያ። ሃሌሉያ። ኣሜን፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ግብሪ ሃዋርያት13:2



ሰንበት፣ 26 ጥቅምቲ

# እምነት ስጉምቲ የድልያ ኢዩ

**ያዕቆብ 2:26**
**እምብኣርከ ስጋ ብዘይ መንፈስ ምዉት ከም ዝኾነ፡ ከምኡውን እምነት ብዘይ ግብሪ ምውትቲ እያ።**

እምነትና ንኽሰርሕ ተግባር ወሳኒ ምዃኑ መጽሓፍ ቅዱስ ይነግረና ኣሎ። እምነት ከም ጫዋዳ እዩ። እንተ ዘይ እስሪሕካዮ ኣይሰርሕን እዩ። ዕድመኻ፡ ጾታኻ፡ ወይ መዓርግካ እምነትካ ኣብ ግብሪ ካብ ምውዓል ኣይጽግመካን ኢዩ።

ኣብ ጸሎትን ቃልን ግዜ ኣሕሊፍካ ንፈተና ምጽናዕ ግን ሸለል እንተኢልካዮ፡ ፈተናኻ ብኸምኡ ክትሓልፍ ኢልካ ኣይትሕሰብ፤ ተግባርካ ምስ ቃል እግዚኣብሔር ዘተሰማምዐ ውድቀት ክኸውን እዩ።

እምነትካ ብተግባር ብምርኣይ፣ ንኹነታት ህይወት በቲ ኣምላኽ ዝደልዮ መገዲ ንርእስኻ ክትቅየር ሓይሊ ክወሃበካ ኢዩ። እምነትካ ብግብሪ ኣርኢ። ሓይሊ ኣምላኽ ኣብ ምትግባር ጥራይ ኢዩ ዝግለጽ፡፡፡- እምነት ግሲ (ምግባር ቃል) እዩ፣ ስለዚ ኣንቀሳቕሶ። እምነት ተግባር ይሓትት ኢዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ቃል ኣምላኽ ኣብ ከንፈረይ ስለ ዘሎ፣ ብፍጹም ፍቓድ ኣምላኽ ንነገራት እጽግኖን ኣዳልዎን እሃንጾን እየ። ኣብዛ ዓመት እዚኣ ብእምነተይ ክመላለስን ስጉምቲ ኽወስድን እየ ዝመርጽ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማርቆስ 11:23





# ብፍቕሪ ተጉዓዝ

**1 ዮሃንስ 4:16**
**ንሕናውን ነታ ኣምላኽ ኣባና ዘላቶ ፍቕሪ ፈሊጥናያን ኣሚንናያን ኢሎና። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፡ እቲ ኣብ ፍቕሪ ዚነብር ከኣ ኣብ ኣምላኽ ይነብር፡ ኣምላኽውን ኣብኡ ይነብር።**

ትእዛዝ ስለ ዝኾነ ብፍቕሪ ተጓዓዝ። ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ፣ ንኻልኦት ብሓቂ ከተፍቅሮም ከለኻ ኣምላኽ ኣባኻ ኸም ዘሎ የርኢ። ፍቕሩ ንልብኻ እረስሪሱ ንኻልኦት ደንጋጽን ምሕረተኛን ከምትኸውን ይገብረካ።

ፍቕሪ ኣምላኽ፣እቲ ዝተበደልካዮ ብዘየገድስ ልብኻ ንኸይተርር ይዓግተካ እዩ። ኣምላኽ ፍቕሩ ኣብዚሑ ኣብ ልብኻ ኣፍሲሱ ኢዩ። ካብ ኣምላኽ ስለ ዝተወለድካ ምፍቃር ባህርያኻ እዩ። ብፍቕሪ ተመላለስ፣ ህይወትካ ድማ ምስክርነት ክትከውን እያ።

እቲ ኣባኻ ዘሎ ፍቕሪ ክርስቶስ ንሰባት ከምቲ ኣምላኽ ዝርእዮም ክትሪኦም የኽእለካ። ሓደ ሰብ ምስ እግዚኣብሔር ኣብ ዝገብሮ ጉዕዞ ክሰናኸል ወይ ንድሕሪት ምስ ዝምለስ ክትሕጎስ የብልካን። ነቶም ድኹማት ክትሕግዞም ኣለካ። ፍቕሪ ንብዙሕ ሓጢኣት እዩ ዝሽፍን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እግዚኣብሄር የፍቅረኒ እዩ፡ ፍቕሩ ድማ ብኣይ ይግለጽ። ፍቕሩ ኣባይ ፍጹም እዩ። ኣነ ብፍቕሪ መሊአ ኣለኹ፡ ኩሉ ግዜ ድማ ብፍቕሪ ክመላለስ እየ ዝመርጽ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 5:8



ሰሉስ፣ 28 ጥቅምቲ

# ኣብቲ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር ኣተኩር

**ፊሊጺ 3:13-14**
**ኣሕዋተየ፡ ኣነ ብርእሰይ ከም ዝረኸብክዎ ኣይመስለንን እሎ። ሓደ ነገር ደኣ ኣሎኒ፤ ኣብ ድሕረይ ዘሎ እናረሳዕኩ፡ ነቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ እናተመጣጠርኩ፡**

ኣሕዋትን ኣሓትን እንታይ ዓይነት ኩነታት ይገጥመኩም ኣይኮነን ዘገድስ። ነገራትካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕማቕ ነጥቢ፡ ትኹረትካ ምጉዳል፡ ንጐይታን ዘለኣለማዊ መንግስቱን ዝበለጸ ክትከውን ምጽዓር፡ ምስ መዛኑኻ ዘሎካ ዝምድና፡ ወይ ኣብ ኣካላትካ ቃንዛ ክኸውን ይኽእል። እቲ ቃል ብዛዕባ እታ ኾነታት እቲኣስ እንታይ እዩ ዚብል ዘሎ፤ ኩሉ ጸገም ናይ ቃል መፍትሒ ኣለዎ። ነቶም ጥቕስታት ኣብ መንደቕ መደቀሲኻ ጠቕዓዮም እሞ ኣስተንትኖ።

ነቲ ንዕቤትካ ዘሰናኽል ነገራት ሓዲግካ ናብቲ ሽልማት ጥራይ ኣተኩር። ነቲ ኣምላኽ ዘዳለወልካ ዝዓበየ ነገራት ንኽትረኽቦ ዘኽእለካ ቐንዲ ረቛሒ ኣተኩሮ እዩ።

ኣብ ህይወት ትኹረት ምግባር ኣድላዪ እዩ፤ ፍጥነት የምጽእ እዩ። ነገራት ናብቲ እትሓልሞ ዘለኻ ምእንቲ ክእንፍቱ ዲሲፕሊን ይሓተካ ኢዩ። ንሕልምኻ ናብ ጋህዲ ከምጽእ ዘኽእል ሓበሬታ ኣክብ። ትኹረትካ ሓልው፣ ንጐይታን ዘለኣለማዊ መንግስቱን ዝበለጸ ኩን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብቲ ኣገዳሲ ዝኾነን ጐይታ ብዛዕባይ ብቓል ዝበሎን እየ ዘተኩር። ብስም የሱስ ብዝኾነ ንፋስ ኣይዛናበልን ኢየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ምሳሌ 4:25





# ነቲ ብስራት ኣካፍሎ

**ማቴዎስ 4:23**
**የሱስ ድማ ኣብ ኵላ ገሊላ፡ ኣብ ቤት ጸሎቶም እናመሀረ ወንጌል መንግስቲውን እናሰበኸ፡ ኵሉ ሕማምን ኣብ ህዝቢ ዘሎ ኩሉ ድናሰን እናሕወየ ይዘውር ነበረ።**

ብስራት ናይ የሱስ ክርስቶስ ንምክፋል ብርቱዕ ድሌት ይሃሉኻ። ውሉድ ኣምላኽ ከም ምኳንካ መጠን ነቲ ብስራት ብውዕዉዕ ስምዒት ከተካፍሎ ኣሎካ። ወንጌል ሕድሪ ተዋሂቡካ ኢዩ ክትዝርግሖ ድማ ተጸዊዕካ ኣለኻ። ነዚ መዓልታዊ ትንቢታዊ ቓል እዚ ንኣዕሩኽካ ኣካፍሎም ናብ ዝጠፍኡ ንምብጻሕ ድማ ብልብኻ ህቅን።

ብዛዕባ ብስራት ጸጋ ኣምላኽ ምስ ካልኦት ምዝርራብ ቀጽል። ነቲ ብስራት ናይ ምክፋል ሓላፍነት ብዘረባ ጥራይ ዘይኮነስ ብገዛእ ርእስኻ ብተግባር ፈጽሞ። ንስኻስ ወ ሂወትካ እታ እንኮ መጽሓፍ ቅዱስ ንሳቶም ዘንብብዋ ክትከውን ትኽእል ኢኻ።

ጠባይካን ዕላልካን ብናይ ህይወት ቃላት ዝመልአ ክኸውን ኣለዎ።እቲ መለኮታዊ ሓላፍነት ንቐሺ ወይ ንመራሕቲ ጥራይ ዘይኮነስ ንነፍሲ ወከፍ ከም ብሓድሽ እተወልደ ኣማኒ እዩ። ሕጂ ነዚ ጸውዒት ኣሜን ኢልካ ክትቅበሎ እዋኑ ኢዩ። ሎሚ እዚ ወንጌል እዚ ንኻልኦት ኣካፍሎም።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ተሰካሚ እቲ ጥዑም ብስራት እየ። ጥዕም ብስራት እቲ እንኮ መዓልታዊ ዘፍርዮ ብስራት እዩ። ወንጌል ምስ ንኻልኦት ብምክፋል ህይወት ክቕይር ኢየ። ብወንጌል ጎይታና የሱስ ክርስቶስ ኣቢለ ናብቶም ዝጠፍኡ ክበጽሕ ኢየ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማርቆስ 16:15





# ናይ ኣምላኽ ኣንፈት ዚፈልጡሉ መገዲ

**ኤፌሶን 2:8**
**ሓደ እኳ ኸይምካሕሲ፡ ካብ ግብሪ ኣይኰነን እሞ፡ ብእምነት ብጸጋ ኢኹም ዝደሓንኩም፡ እዚ ኸኣ ውህበት ኣምላኽ እዩ እምበር፡ ካባኻትኩም ኣይኰነን።**

መንእሰያት እግዚኣብሄር ብውልቂ ይፈልጠኩምን ጸጋኡ ከብጽሓልኩም ዝኽእል ስርዓት ሓንጺጹኩምን እዩ። ልክዕ ከምቲ ሰብ ዝሰርሖ ጂፒኤስ ናብ ሓደ ቦታ ዝወስደካ፡ ኣብ ጂፒኤስ ኣምላኽ፡ ጸጋኡ ይረኽበካ፡ ክሳብ ክንደይ፡ ዋጋ ከም ዘለካን ከም ዝተመርጽካን ድማ የርእየካ።

ብዙሓት ሰባት ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ድሕነቶም ክዛረቡ ከለዉ ንኣምላኽ ከም ዝረኸብዎ ይዛረቡ። ስርዓት ምምራሕ ኣምላኽ ግን ከምኡ ኣይሰርሕን እዩ። ድሕነት፣ንስኻ ንኣምላኽ ምርካብ ኣይኮነን፤ ብዛዕባ ንሱ ንዓኻ ምርካቡ እዩ። ከምቲ ኢየሱስ ዝበሎ ነቲ ዝጠፍአ ክደሊን ከድሕንን እዩ መጺኡ። ንስኻ ዘይኮንካ ንጸጋ ዝረኸብካያስ፤ ጸጋ ኢያ ንዓኻ ረኺባትካ፣ ጸጋ ድማ የሱስ ክርስቶስ እዩ፦

ጸጋ ኣብ መንፈሳዊ ጂፒኤስካ ክትሰኩዖ ከለኻ፡ እታ እንኮ እትረኽባ ኣድራሻ የሱስ እዩ። ንሱ ቦታን መዕለቢን ጸጋ እዩ። ንስኻ ድማ ድሮ ኣብኡ ኣለኻ፦ ቃል ኣምላኽ መንፈሳዊ ብሶላኻ ወይ ኮምፓስካ እዩ። ካብቲ ዘለኻዮ ቦታ ከይትወጽእ ነቲ ቃል ተመገብ። የሱስ ክርስቶስ ጀማርን ፈጻምን እምነትካ እዩ። ነቲ ናይ ኣምላኽ ናይ ምምራሕ ስርዓት ተኣማመኖ፥ ፈጺምካ ኣይክትጋገን ኢኻ። ኩሉ ግዜ ዘክር፣ ጸጋ ረኺባትካ እምበር ኣይረኸብካያን።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣብ መስመረይ ምእንቲ ክጸንዕ ቓል ኣምላኽ እየ ዝምገብ። በቲ ኣብ ውሽጠይ ዝነብር መንፈስ ቅዱስ ስለ ዝምራሕ ኣብ ዝቕጽል ስጉምተይ ንጹር መምርሒ ኣለኒ፡ ጉዕዞይ ስሉጥ እዩ። ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:9





# ነቲ ቃል መእተዊ ግበረሉ

**መዝሙር ዳዊት 119:130**
**ምኽፋት ቃልካ የብርህ፣ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።**

እታ ሎሚ ኣብ ጥቕሲ ትርከብ መእተዊ ትብል ቃል ምቕባል ማለት ኣይኰነትን፣ ነቲ ብርሃን ዝህብ ቃል ምልምማድ ወይ ምቕላዕ ማለት ኢዩ። መንእሰያት ንመንፈስካ ናብ ቃል ኣምላኽ ምስ ኸፈትካዮ ብርሃን ናብ ውሽጥኻ ይኣቱ ። መጠን እቲ ዝፈሪ ብርሃን ኣብ መጠን እቲ እትበልዖ ቓል እዩ ዝምርኰስ።

ኣብቲ ቃል ኣምላኽ መዓልታዊ ግዜ ብምሕላፍ ነቲ ናባኻ ዝኣቱ ብርሃን ኣዕብዮ። ኣብቲ ዓውዲ መንፈስ ቃላት ብብርሃን ኢዩ ዝዕቀን። ዝበዝሕ ዘጋጥመካ ሽግር ብርሃን ስለዘይብልካ ኢዩ። እቲ ሕማም፡ ወይ ፍርሒ ናይ ሕእደ ስራሕ፡ ኣካላዊ ሓገዝ ኣይኮነን ዘድልዮ፤ ካብ ቃል ኣምላኽ ዝኾነ ብርሃን ጥራይ ኢዩ። ብርሃን ናብ ኩነታትካ ብስም የሱስ ይመጽእ ኣሎ።

ዲያብሎስ ኣብ ህይወትካ ዝኣትወሉ በታ የለን። እቲ ቃል ኣባኻ ይዕበ፡ ብርግጽ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩነታትካ ክትስዕር ኢኻ። ህይወትካ ብብርሃን ምስ መለአ፡ ቃል ኣምላኽ ኣባኻ ብሓይሊ ስለ ዝሰርሕ፡ እቶም ኣብ ዙርያኻ ዘለዉ ሰባት ክጥቀምሉ እዮም።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
እቲ ብርሃን ካባይ ስለ ዝፍልፍል ኩነታተይ ይቕየር ኣሎ። ኣነ ኣብ ቃል ኣምላኽ ንነብሰይ ኣጥሒለ ማእሰርትታት ዝሰብር እየ። ሃሌሉያ። ኣሜን፡-

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ማቴዎስ 5:14



ቀዳም 1፣ ሕዳር

# ኣእምሮኻ ሓሉ

**ፊሊ ፒ 4:8**
**ብዝተረፈስ፡ ኣሕዋተየ፡ ሓቂ ዘበለ፡ ርዝነት ዘለዎ ዘበለ፡ ቅኑዕ ዘበለ፡ ንጹህ ዘበለ፡ ተፈታዊ ዘበለ፡ ጽቡቕ ወረ ዘለዎ ዘበለ፡ ገለ ደግነት እንተ ኾይኑ፡ ገለ ንእዶውን እንተ ኾይኑ፡ ብእኡ ሕሰቡ።**

ኣብዛ ኣቓልቦኻ ዝሰርቕን ኣሉታዊ ነገራትን ዝበዝሓ ዓለም ንኣእምሮኻ ምሕላው እገዳሲ ኢዩ። ሓሳባትካ ንተግባራትካን ንህይወትካን ይቐርጾ እዩ ። ንኣእምሮና ብኣወንታውን ዜተባብዕን ኣብ ኣምላኽ ዘተኰረን ሓሳባት ክንመልኦ እንተ መሪጽና ካብ ኣሉታዊ ነገራትን ጥርጥርን ዝከላኸለልና ዕርዲ ክንፈጥር ተኽእሎ ኣሎና።

ንኣእምሮኻ ኽትሕልዎ ኽለኻ ልብኻን መንፈስካን ውን ሓለዋ ይረክብ ኢዩ። እዚ ማለት ካብ ማሕበራዊ መራኸቢታት፣ ካብ ጸቕጢ መዛኑ ፣ ኣሉታዊ ዘረባ ኣንጻር ገዛእ ርእስኻ ካብ ምውጻእ፣ ካብ ጐዳኢ ዝኾኑ ጽልዋታት ውን ምህዳም ማለት ኢዩ። ኣብ ክንዳኡስ ኣብቲ ሰላምን ሓጐስን ንጹርነትን ዜምጽእ ቃል ኣምላኽ ብዛዕባኻ ዝብሎ ነገራት ምትኳር ኣገዳሲ ኢዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ሓሳባት ክርስቶስ ኣሎኒ ። ኣብቲ ናይ ሓቅን ክቡርን ውሬታ ዘለዎን ኢየ ዘተኵር ። ሓሳባተይ ምስ መብጽዓታት ኣምላኽ ዚሰማማዕ ኢዩ ፣ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ኣሉታዊ ነገራት ክሰግር እየ ዝመርጽ። ንኣእምሮይ ክሕልዎ ስልጣን ኣሎኒ፣ በቲ ክርስቶስ ዝሃበኒ ዓወት ድማ ኢየ ዝመላለስ ። ብስም የሱስ ክርስቶስ ኣሜን ።

**ተውሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 12:2



ሰንበት 2፣ ሕዳር

# ሎሚ ጽብቅቲ መዓልቲ ኢያ

**መዝሙር 118:27**
**እግዚኣብሄርሲ ኣምላኽ እዩ፡ ንሱውን ኣብረሃልና፡ነቲ መስዋእቲ በዓል ዓመት ክሳዕ ኣቕርንቲ መሰውኢ ብገመድ እሰሩ።**

ነፍሲ ወከፍ መዓልቲ ነቲ ኣምላኽ ዝፈጠሮ ጽባቐ እተድንቐሉ ኣጋጣሚ ኢዩ ። ኣረኣእያና ነቲ ኣብ ህይወትና እነሕልፎ ተመክሮ ክጸልዎ ይኽእል እዩ ። ንግሆ ንግሆ ምስ ተንሳእካ “ሎሚ ጽብቕቲ መዓልቲ እያ” በል። እዚ ኣተሓሳስባ እዚ ኣብ ልብኻ ናይ ምስጋና ሓይሊ ይዕድም ኢዩ ።

ጸገማት ኬጋጥመካ ኸሎ እውን ኣምላኽ ምሳኻ ኸም ዘሎ ኣይትረስዕ ። እዛ ናይ ሎሚ ጥቅሲ መዓልትና በረኸትን ደገፍን ኣምላኽ ዝመልኣ ውህበት ምዃና ተዘኻኽረና ኢያ። ሎሚ ኣተኩሮኻ ኣብ ጽቡቕ ነገራትን ሕያውነት ዝመልኦ ቓላትን ኣብ ጽባቐ ተፈጥሮ ወይ ኣብ ተስፋ ሓድሽ ኣጋጣሚታት ክኸውን ምረጽ።

ሓንሳእ ግዜ ወሲድካ ስለቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ጽቡቅ ነገር ወላ ንእሽቶ ይኹን ኣመስግን ። ከምዚ እንተ ጌርካ ነቲ መዓልታዊ ተመክሮኻ ዜመሓይሽ ናይ ምስጋና መንፈስ ኢኻ እተማዕብል። ሓጐስ ኣብ ዜምጽኣልካ ንጥፈታት ተሳተፍ ብእኡ ጌርካ ድማ ነታ ፍቕርኻ ንኻልኦት ኣካፍል።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ሎሚ እእውጅ ኣለኹ፣ማዓልተይ ብርኽቲ ኢያ! ንኹሉ እቲ ኣምላኽ ዘዳልወለይ ዕድላትን በረኸትን እንዳ ኣስታማቅርኩ ክሕጎስ ኢየ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተውስዋኺ መጽናዕቲ**
ኢሳያስ 43:18-19



ሰኑይ፣ 3 ሕዳር

# መሊኡ ዝፈስስ ሂወት ፣ብክርስቶስ

**ዮሃንስ 10:10**
**ሰራቒ፡ ብጀካ ኺሰርቕን ኪሐርድን ኬጥፍእን ኢሉ ኣይመጽእን እዩ። ኣነ ግና ህይወት ምስ ተረፋ ምእንቲ ኺረኽባ እየ ዝመጻእኩ።**

የሱስ ብሓጐስን ብሰላምን ብዕላማን ዝመልአ ህይወት ኪንመርሕ ኢሉ እዩ መጺኡ ።ኣብ (እዮብ 9 1-10) ድያብሎስ ኣምላኽ ንእዮብ ከም ዝባረኾ ብዙሕ ሃብቲ ኸኣ ከም ዝሃቦ ኸሰሰ። ነዚ ኣኺሉ ዚተርፍ ህይወት ብሓቂ ምእንቲ ክትካፈሎ ብጸሎትን ብኣምልኾን ብቓሉን ኣቢልካ ምስ የሱስ ሕብረት ኣብ ምምስራት ኣተኲር ። እዚ ዝምድና እዚ ድማ መዓልታዊ ፍቕሩን ጸጋኡን ንኽትምከሮ የኽእለካ ።

እዚ ጸጋ እዚ ስጋዊ ሃብቲ ጥራይ ከም ዘይኰነ ኣይትረስዕ፣ መንፈሳዊ ዕግበት ስምዒታዊ ጥዕና ከምኡውን ድልዱል ዝምድናታት ውን ዘጠቓልል ኢዩ ።

ኣብ ህይወትካ ዕንቅፋታትን ውድቀትን ኬጋጥመካ ኸሎ ምስጋናን ኣወንታዊ ኣረኣእያን ይሃሉኻ። ነቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ በረኸት ኣቃልቦ ሃበሉ፣ ነዚ ኣኽል - ታርፍ ድማ ንኻልኦት ኣካፍሎም ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
በቲ ኣብ ክርስቶስ የሱስ ዘሎ ኣኽል - ታርፍ ህይወት እሕጐስ ኣለኹ! ሓጐሱን ሰላሙን ዕላማኡን እቕበሎ ኣለኹ፣ ነዚ ብዝሒ በረኸት እዚ ኸኣ ነቶም ኣብ ከባቢይ ዘለዉ ሰባት ከካፍሎም እየ። ብስም የሱስ ።ሃሌሉያ!I

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ኤፈሶን 3:20



ሰሉስ፣ 4 ሕዳር

# ምንጨይ ጎይታ ኢዩ

**ፊሊፒ 4:19**
**ኣምላኸይ ከኣ፡ ከምቲ መጠን ሃብቱ ብኽብሪ ብክርስቶስ የሱስ ገይሩ፡ ድሌትኩም ዘበለ ኺመልኣልኩም እዩ።**

ነቲ ኣብ ህይወትካ ዘጋጥመካ ብድሆታት ንምፍታሕ ጐይታ ምንጪኻ ምዃኑ ምርዳእ ኣገዳሲ ኢዩ ። ኣምላኽ ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወትካ ማለት ስምዒታውን መንፈሳውን ስጋውን መዳይ ልዕሊ ኹሉ ዜማልኣልካን ዚከናኸነካን ንሱ እዩ። እዛ ናይ ሎሚ ዘሎ ጥቅሲ ኣምላኽ ካብቲ ኣኺሉ ዚተርፍ ጥሪቱ ንኹሉ ዜድልየና ነገራት ኬማልኣልና ኸም ዝደልን ዝኽእልን የዘኻኽረና ።

ምስ ቤት ትምህርቲ ወይ ስድራ ቤት ወይ ውን ምሕዝነት ዚተሓሓዝ ጸቕጥታት የጋጥመካ ይህሉ ይኸውን። ኣብዚ እዋን እዚ ብርታዐኻን ጥበብካን ረዲኤትካን ካብ ኣምላኽ ከም ዝመጸ ኣይትረስዕ ። ኣብ ክእለትካ ወይ ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዘላ ዓለም ጥራይ ኣብ ክንዲ እትምርኰስ ቀንዲ ምንጪ ደገፍካን መምርሒኻን ከም ዝኾነ ጌርካ ርኣዮ ።

ንኣምላኽ ከም ምንጪኻ ጌርካ ምውካል ኪበሃል ከሎ ብጸሎትን ኣብ መብጽዓታቱን ብንጥፈት ምድላይ ማለት እዩ ። ምጥርጣራት ኬጋጥመካ ኸሎ ዜድልየካ ነገራት ከም ዚፈልጥን ብተኣማንነት ከም ዜማልኣካን ንርእስኻ ኣዘኻኽራ ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጐይታ ምንጪ ሂወተይ ኢዩ! ኣብ ኵሉ መዳይ ህይወተይ ኣብ ደገፉን መምርሒኡን እኣምን እየ ። ብርታዐን ጥበብን ደገፍን ንምርካብ ናብኡ ኽጽጋዕ እየ።ብስም የሱስ። ክብረ!

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
2 ቆረንቶስ 9:8



ረቡዕ፣ 5 ሕዳር

# ቅኑዕ ተዛረብ ቕኑዕ ድማ ሕሰብ

**ምሳሌ 18:21**
**ሞትን ህይወትን ኣብ ስልጣን መልሓስ እዩ፡ እቲ ዜፍቅራ ኸኣ ፍሬኣ ኺበልዕ እዩ።**

ኣብራካዳብራ "ክንዛረብ ከለና ኢና እንፈጥር" ዝብል ትርጉም ኢዩ ዘለዎ እዚ ኸኣ ቃላትካ ንሓሳባትካ ህያው ከም ዝኸውንን ሓሳባትካ ነቲ ክውንነት ከም ዝቐርጽን ዝሕብር ኢዩ።

ከም መንእሰይ መጠን ንሓሳባትካን ንኣዛራርባኻን ዘበላሾ ኣሉታዊ ጽልዋታት ኬጋጥመካ ይኽእል እዩ። ንኣእምሮኻ ምሕላውን ብኣወንታውን ሓቅን ምምላእን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ። ሓሳባትካ ብግቡእ ምስ ዝሕሎ ቃላትካ ውን ምስቲ ኣምላኽ ንህይወትካ ዝኣተዎ መብጽዓታትን ዕላማን ብምስምማዕ ቅኑዕ ኪኸውን እዩ።

መብጽዓታት ኣምላኽ ኣብ ርእስኻን ኣብ ልዕሊ ኻልኦትን ናይ ምእዋጅ ልማድ ይሃሉኻ ። ኣብ ምጥርጣራት ወይ ኣሉታዊ ነገራት ኣብ ክንዲ እተተኰር ኣብ ክርስቶስ መንነትካን ናይ መን ምዃንካን ኣውጅ። ቃላትካ ከባቢኻን ኩነታትካን ንምልዋጥ ዘተባብዕን ዘበርትዕን ሓይሊ ኣለዎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ልክዕ ክሓስብን ክዛረብን ኢየ! ኣተሓሳስባይ ምስ ሓቂ ኣምላኽ ዚሰማማዕ እዩ እቲ ዝዛረቦ ቓላት ከኣ ህይወትን ትብዓትን ከም ዚህልወኒ እዩ ዚገብረኒ። ኣወንታዊ ኣረኣእያ ኽመርጽ ኢየ፣ነቲ ኣምላኽ ንህይወተይ ዝኣተዎ መብጽዓ ድማ ክእውጅ እየ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተውሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊፒ 4:8



ሓሙስ፣ 6 ሕዳር

# ዘየማትእ ቅድመኩነት ውን ዘይብሉ ትእዛዝ

**ኤፈሶን 6:2-3**
**ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር፡ ጽቡቕ ኪኾነልካ፡ ኣብ ምድሪውን ዕድሜኻ ኺነውሕ፡ እዚ ተስፋ ዘለዎ ቐዳማይ ትእዛዝ እዩ።**

ቃል ኣምላኽ ንወለድና ወይ ነቶም ነዚ ሓላፍነት እዚ ዚስከሙ ኽነኽብሮም ይእዝዘና እዩ ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ 'ኣብ ህይወትካ ጽቡቕ ኪኾነልካ እዩ' ዚብል ቃል ንጹር እዩ። ንወለድኻ ምኽባር ንተግባራትካን ንኣረኣእያኻን ንቓላትካን ዜጠቓልል ኮይኑ፣ ብኣኽብሮት ድማ ትሕዞም ማለት ኢዩ ።

ኣምላኽ ንወለድኻ ኸተኽብሮም ዝሃቦ ትእዛዝ ብዘይ ቅድመ ኹነት እዩ። ጽቡቕ እንተ ገይሮምካ ኣቦኻን ኣዴኻን ኣኽብር ኣይበለን። ከም ወለዲ መጠን ዘለዎም ቦታ ጥራይ ሓሲብካ ክብሪ ኺወሃቦም ኣለዎ ። ዝኾነ ይኹን ጉድለቶም ብዘየገድስ ገና ወለድኻ ኢዮም፣ ንስኻውን ከተኽብሮም ኣሎካ ። 'ወለደይ ሕያዎት ኣይኮኑን ነይሮም ብቐልዕነተይ እውን ፍቕሪ ኣየርኣዩንን፣ ስለዚ ከኽብሮም ኣይግብኣንን እዩ' ኣይትበል። ይኹን እምበር ወለድኻ እዮም ፣ ስለዚ ክብሪ ይግበኦም ኢዩ ። ነቲ ቃል ፈጽሞ።

ብቛንቋታት ምዝራብ ነዚ መሰረታዊ ስርዓት እዚ ኣይቅይሮን እዩ። ቃል ኣምላኽ ዘይልወጥ እዩ ንወለድኻ ምኽባር ከኣ በረኸት ዚህብን ኣብ ህይወትካ እትገብሮ ጉዕዞ ኣወንታውን ዜዕግብን ምዃኑ ዜረጋግጽን መለኮታዊ ትእዛዝ እዩ። ሃሌሉያ!

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንወለደይ ከኽብሮም ከለኹ መለኮታዊ ሞገስን በረኸትን ክረክብ እየ ። ብመሰረት እቲ ኣምላኽ ዝበሎ ቃል ነዊሕ ዕድመን ሰላምን ከም ዚህልወኒ ዝኣተዎ መብጽዓ ህይወተይ ክትስስን እያ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ዘጽኣት 20:12



ዓርቢ፣ 7 ሕዳር

# እቲ በረኸት ኣብቲ ቃል ምግባር ኢዩ ዘሎ

**ያቆብ1:22**
**ገበርቲ ቓል ኩኑ፡ ርእስኹም እናጠበርኩም ሰማዕቲ ጥራይ ኣይትኹኑ።**

ናይ ሓቂ በረኸት ካብ ቃል ኣምላኽ ምስማዕን ኣብ ግብሪ ምውዓልን ኢዩ መምጽእ ። እዚ መሰረታዊ ሓቂ እዚ ኣብ ምሳሌ እቶም ጥበበኛታትን ዓያሱን ሃነጽቲ (ማቴዎስ 7፣ 24-27) ተገሊጹ ኣሎ። የሱስ እቶም ንቓላቱ ዚሰምዑን ኣብ ተግባር ዜውዕልዎን ሰባት ንቤቱ ኣብ ድልዱል መሰረት ከም ዚሃንጸ ጥበበኛ ሃናጺ ምኳኖም መሃረ። ብኣንጻሩ ግና እቶም ዚሰምዑ ግናኸ ስጉምቲ ዘይወስዱ ልክዕ ከምቲ ቤቱ ኣብ ሑጻ ደው ኢላ ኣብ መወዳእታ እትፈርስ ዓሻ ሃናጺ እዮም።

ቃል ኣምላኽ ንምግባር ቈራጻት ምስ እንኸውን ንህይወትና ኣብቲ ንማዕበል ህይወት ዚጻወር ድልዱል መሰረት ኢና እንሃንጸ። በረኸት ብተኣዛዝነት እዩ ዚርከብ፣ ተጻዋርነት እምነት ከምኡውን ምስ ኣምላኽ ዓሚቝ ርክብ ከም ዝህልወካ ኢዩ ዝገብረካ። ተግባራትና ንእምነትና ዜንጸባርቕ እዩ ፣ እዚ ኸኣ ንርእስናን ነቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉሰባትን ለውጢ ኸምጽኣሎም ይኽእል እዩ ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ምስማዕ ጥራይ ዘይኰነስ ነቲ ንቓል ከም ዝገብሮ ድማ ይእውጅ ኣለኹ። ንህይወተይ ኣብቲ ድልዱል መሰረት ሓቂ ኣምላኽ ክሃንጻ እየ መሪጸ፣ ተኣዛዝነት ዜምጽኦ በረኸት ድማ ክረክብ እየ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 4:12





# ሰላም፣ መንፈስ ቅዱስ

**ዮሃንስ14:26**
**እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኹሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ።**

ኣብዛ ሃታሃታ ዝመልኣ ዓለም  መንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወትና ዘለዎ ግደ ምፍላጥ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ዘይጨበጥ ሓሳብ ጥራይ ዘይኮነስ ዚመርሓናን ዜጸናንዓናን ሓይሊ ዚህበናን ብሕታዊ ሓጋዚ እዩ።

እቲ ኣብ ግብሪ ሃዋርያት 2 ዚርከብ ብዛዕባ ቐዳሞት ደቀ መዛሙርቲ ዚገልጽ ጸብጻብ ነዚ ዜብርህ እዩ ። ኣብ ጸሎት ተኣኪቦም ኸለዉ መንፈስ ቅዱስ ወረደ ብዛዕባ እምነቶም ብትብዓት ንኺዛረቡ ድማ ሓይሊ ሃቦም። ከም መንእሰይ መጠን ብዛዕባ መጻኢኻ ስግኣት ማሕበራዊ ጸቕጥታት ወይ ምድንጋራት የጋጥመካ ይኸውን። ንመንፈስ ቅዱስ ናብ መዓልታዊ ህይወትካ ብምዕዳም ነዚ ዕንቅፋታት እዚ በይንኻ ዘይኮነ ምስኡ ኮይንካ ኽትሰግሮ ኢኻ።

ብጸሎት ኣቢልካ ናብ መንፈስ ቅዱስ ተወከል ናብ ኩሉ መደባትካ ድማ ዓድሞ ከምኡውን ኣብ ምርጫታትካን ትምህርትኻን ርክባትካን ንዘለዎ ጽልዋ ሓንጐፋይ ኢልካ ተቐበሎ ። በታ ኣምላኽ ዘዳለወልካ መገዲ ኺመርሓካ ተዳልዩ ኣሎ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንመንፈስ ቅዱስ ናብ ህይወተይ  እዕድሞ ኣለኹ! ንመምርሒኡ ስዒበ ካብ ኩሉ ጸገማት ከውጽኣኒ ኽሕግዘኒ ድማ ኣብ ብርታዐኡ እምነት ክህልወኒ ኢዩ ። ብሓያል ስም የሱስ ክርስቶስ  ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ግብሪ 1:8



ሰንበት፣ 9 ሕዳር

# ንስኻ ምስሊ ኣምላኽ ኢኻ

**ዘፍጥረት 1:26-27**
**ኣምላኽ ከኣ፤ ብመልክዕና ኸም ምስልና ሰብ ንግበር፡ ንዓሳ ባሕርን ነዕዋፍ ሰማይን ንእንስሳን ንብዘላ ምድርን ኣብ ምድሪ ለመም ንዚብል ኲሉ ለመምታን ይግዝኡ፡ በለ። ኣምላኽ ድማ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ። ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ። ተባዕታይን ኣንስተይትን ገይሩ ፈጠሮም።**

እቲ ብምስሊ ኣምላኽ ምፍጣርካ ንመንነትካን ዕላማኻን ይቐርጾ እዩ፣ እዚ ኸኣ ነቲ ብዛዕባ ርእስኻ ዘሎካ ኣረኣእያን ምስ ዓለም ዘሎካ ርክብን ይጸልዎ እዩ። ቅዱሳት ጽሑፋት ብመልክዑ ኸም እተፈጠርካ እዩ ዚሕብር ፣ እዚ ኸኣ ነቲ ናይ ምምሃዝ ክእለቱን ፍቕሩን ርሕራሐኡን ምርጫኡን ዜንጸባርቕ እዩ ። ነዚ ምፍላጥካ ፍሉይነትካን ዋጋኻን ንኽትቅበል የኽእለካ፣ ብሉጽ ፍጥረት ኢኻ።

ብምስሉ ዝተሰራሕካ ኪበሃል ከሎ ንርእስኻን ንኻልኦትን ብኣኽብሮት ብምሓዝ ንዕኡ ምኽባር ማለት እዩ ፣እቲ ምንታይሲ ኲሉ ሰብ ብምስሉ ስለዝተሰርሐ ። ተግባራትካ ንፍቕሪ ኣምላኽ ኬንጸባርቕ ወይ ኬዛብዕ ስለ ዚኽእል ንባህርያት ክርስቶስ ከተንጸባርቕ ዕላማ ግበር ። ኣብ ኣጸጋሚ ኹነታት ወይ ዘይብቑዕ ኰይኑ ኣብ ዚስምዓካ እዋን እቲ ፈጣሪ ኲላዓለም ኣኽቢሩ ኸም ዚርእየካን ከም ዜፍቅረካን ኣይትረስዕ ።

ግዜኻ ኣብ ጸሎትን ኣምልኾን ኣሕልፍ ፍቕሩ ኺመልኣካን ብሓቂ ንኽትነብር ሓይሊ ኺህበካን ድማ ፍቐደሉ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብመልክዕ ኣምላኽ እየ ተፈጢረ! ከም ብሉጽ ስርሑ መጠን መንነተይ እቐበሎ ንባህርያቱ ብዜንጸባርቕ መገዲ ኽነብር ድማ ቈሪጸ ኣለኹ። ኣሜን ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
መዝሙር 139:14



ሰኑይ፣ 10 ሕዳር

# ንስኻ መንፈሳዊ ኢኻ

**ዮሃነስ 4:24**
**ኣምላኽ መንፈስ እዩ፡ እቶም ዚሰግዱሉ ድማ ብመንፈስን ብሓቅን ኪሰግዱሉ ይግብኦም። ኣቦ ኸምዚ ዝበሉ ሰገድቲ እዮም ዚደሊ እሞ፡ እቶም ናይ ሓቂ ሰገድቲ ነቦ ብመንፈስን ብሓቅን ዚሰግዱሉ ሰዓት ክትመጽእ እያ፡ ንሳ ኸኣ ሕጂ እያ።**

መንፈሳዊ ባህርይካ ዕላማኻን ምስ ኣምላኽ ዘሎካ ዝምድናን ንኽትርዳእ ይድርኸካ እዩ ። የሱስ ኣምላኽ መንፈስ ስለ ዝኾነ ብመንፈስ ድማ ከነምልኾ ኸም ዘሎና መሃረ ። ብመልክዕ ኣምላኽ ስለ እተፈጠርካ ነቲ ብዛዕባ ርእስኻ ዘሎካ ኣረኣእያን ምስኡ ዘሎካ ርክብን ዚቕይሮ መንፈሳዊ ስፍሓት ኣሎካ ።ንስኻ ስጋ ጥራይ ዘይኰነስ ምስ ኣምላኽ ክትራኸብ እትኽእል መንፈስ ውን ኢኻ።

ነዚ መንነት እዚ ምቕባልካ ብጸሎትን ብኣምልኾን ብመጽናዕቲ ቕዱሳት ጽሑፋትን ኣቢልካ መንፈሳዊ ህይወትካ ኽተዕቢ የተባብዓካ። እዚ ተግባራት እዚ ነቲ ምስ ኣምላኽ ዘሎካ ርክብ የደልድሎ ንመንፈሳዊ መረዳእታኻ ድማ የደልድሎ ። እዚ ንጥፈታት እዚ ብምግባር ምስ ዕላማኡ ክትሰማማዕን ድምጹ ድማ ክትሰምዕን የኽእለካ ። ንመንፈስካ ምርዳእካን ምስትውዓልካን ንጸገማት ብቀሊሉ ክትሰግር የኽእለካ።

ከም መንፈሳዊ ፍጡር መጠን ብሓሳባትካን ብቓላትካን ብተግባራትካን ንኣምላኽ ከተኽብሮ ተጸዊዕካ ኢኻ ። ምስ ሓቂ ተሰማሚዕካ ብምምልላስ ኣብ ዓለም ከም ብርሃን ተብርህን ንኻልኦት ናብኡ ንኽመጹ ትስሕብን ኢኻ ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ብመልክዕ ኣምላኽ እተሰራሕኩ መንፈሳዊ ፍጡር ኢየ! መንፈሳዊ መንነተይ እቕበሎ ብጸሎትን ብኣምልኾን ብቓሉን ኣቢለ ከኣ ምስኡ ዘሎኒ ዝምድና ከማዕብል ኢየ ። ብስም የሱስ ፣ሃሌሉያ።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
1ይ ቆረንቶስ 2:12-14



ሰሉስ፣ 11 ሕዳር

# ፍሉይ ዓሌት

**1 ጴጥሮስ2:9**
**ንስኻትኩም ግና ደግነት እቲ ኻብ ጸልማት ናብቲ ዜገርም ብርሃን ዝጸውዓኩም ምእንቲ ኽትነግሩ፡ ሕሩይ ወለዶ፡ ናይ መንግስቲ ኽህነት፡ ቅዱስ ህዝቢ፡ ጥሪት ኣምላኽ ዝኾነ ህዝቢ ኢኹም።**

መንእሰይ ከም ምኳንካ መጠን እቲ ‘ፍሉይ ወለዶ’ ምኳንካ ዘፍልጠካ መንነት ምሉእ ብምሉእ ምቕባል ኣገዳሲ ኢዩ። እዚ ኸኣ ፍሉይ ምኳንካ ተረዲእካ ዕላማ ኣምላኽ ምፍጻም ማለት እዩ ። ኣምላኽ ኣባል ንጉሳዊ ኽህነትን ቅዱስ ህዝብን ክትከውን መሪጹካ ኣሎ።ምስ ብዙሓት ሰባት ተሰማሚዕካ ኣብ ክንዲ እትኸይድ ምስ ስርዓታት ክርስቶስ ተሰማሚዕካ ኽትነብር ምረጽ።

መንነትካ ኣገዳሲ ዕላማ ኣለዎ ፣ እዚ ኸኣ ክብሪ ኣምላኽ ምእዋጅን ነቲ እተቐበልካዮ ተስፋን ብርሃንን ምዝርጋሕን ይሕግዘካ ። ምስክርነትካ ንኻልኦት ከተባብዖምን ናብ ክርስቶስ ኪመርሑምን ይኽእል እዩ ። እምነትካ ብሕያውነት ብምግላጽ ዝረኸብካዮ ኣጋጣሚ ንኻልኦት ንምክፋል ተጠቀመሉ ።

እቲ ፍሉይ ባህርያትካ ኣብ ጽንኩር እዋናት ውን ከይተረፈ ብዝያዳ ዜብርህ መዝገብ እዩ ። ከም ክፋል እዚ ፍሉይ ወለዶ እዚ መጠን ምስ ክርስቶስ ኣብ እትገብሮ ጉዕዞ ብማሕበረሰብ ኣመንቲ ኸም እትድገፍ ኣይትረስዕ ።

**ትንቢታዊ ትእዛዝ**
ኣነ ኣባል እቲ ብኣምላኽ እተመርጸን እተፈለየን ፍልይ ዝበለ ወለዶ እዩ። ነቲ ፍሉይ መንነተይ ተቐቢለ ብርሃኑ ኣብ ዓለም ከርኢ ከርእይ ኢየ ።ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 12:2



ረቡዕ ፣12 ሕዳር

# ናይ ጽድቂ ሕልናኻ ኣነቓቕሓዮ

**2 ቆረንቶስ 5:21**
**ንሕና ብእኡ ጽድቂ ኣምላኽ ምእንቲ ኽንከውን፡ ነቲ ሓጢኣት ዘይፈለጠ ኣብ ክንዳና ሓጢኣት ገበሮ። ምስ ኣምላኽ ተዐረቑ፡ እናበልና ኣብ ክንዲ ክርስቶስ ኳንና ንልምነኩም ኣሎና።**

ብየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ጻድቃን ኢና ። ጌጋታትካ ንዓኻ ኣይገልጸካን እዩ፣ ጽድቂ ክርስቶስ እዩ ንዓኻ ዝገልጸካ። ናይ ጽድቂ መንነትካ ምፍላጥ ኣብ ርእስኻ ንዘሎካ ኣረኣእያን ተግባራትካን ይቐርጾ እዩ። ኣብ ፍሸለትካ ኣብ ክንዲ እተተኮር ብኣምላኽ ተቐባልነትካን ፍቕሩ ኣባኻን ሕሰብ ። እዚ ምፍላጥካ ብምትእምማን ንኽትነብርን ዕላማኻ ንኽትፍጽምን የኽእለካ ።

ብዛዕባ ጽድቅኻ ኣተኩሮ ምግባር ንእትገብሮ ምርጫታትን ተግባራትን እውን ይጸልዎ እዩ። ጽድቂ ክርስቶስ ከም እተንጸባርቕ ምስ እትግንዘብ ብመንፈስ ተደሪኽካ ንኣምላኽ ብዜኽብር መገዲ ኽትነብር ኢኻ ። እዚ ኸኣ ምስ ትምህርትታቱ ዚሰማማዕ ምርጫታት ንምግባር ንኻልኦት ብሕያውነት ብምሓዝ ከምኡውን ጸቕጢ መዛኑ ኼጋጥመካ ኸሎ እውን ከይተረፈ ኣብ ስነ ምግባራዊ ስርዓታትካ ጸኒዕካ ንምምልላስ ይሕግዘካ ።

ኣብ ጽድቅኻ ኣተኩሮ ምግባር ኪበሃል ከሎ ነቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎካ መንነት መዓልታዊ ብምዝካር ንኣእምሮኻ ድማ ብጸሎትን ብቕዱሳት ጽሑፋትን ምሕዳስ ማለት ኢዩ። ሓቅነት ጽድቅኻ ንመንነትካን ተግባራትካን ኪቐርጾ ብምፍቃድ ነዚ ጕዕዞ እዚ ተቐበሎ ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ኣነ ጽድቀይ እፈልጥ እየ! ብክርስቶስ የሱስ ጽድቂ ኣምላኽ ኢዩ መንነተይ ። ብትብዓት ክነብር ንኣምላኽ ዜኽብር ምርጫታት ክገብር ከምኡውን ፍቕሩ ከንጸባርቕ እየ ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ፊሊፒ 3:9



ሓሙስ፣ 13 ሕዳር

# ንእምነትካ ኣስርሓዮ

**ያቆብ 2:17**
**ከምኡ ኸኣ እምነት፡ ግብሪ እንተ ዜብላስ፡ ንርእሳ ምውትቲ እያ።**

እምነት ብኣእምሮኻ ምፍላጥ ጥራይ ዘይኰነስ ብምርጫኻ ወሲንካ ክትዓዪ ከለኻ ኢዩ። ናይ ሓቂ እምነት ብግብርኻ እያ እትንጸባረቕ ፤ እዚ ኸኣ ኣብቲ ኣብ ማርቆስ 5 ዘሎ ዛንታ ብዛዕባ እታ ደም ዝፈሳ ዝነበረ ሰበይቲ ተገሊጹ ኣሎ ። ንብዙሕ ዓመታት መከራ ድሕሪ ምሕላፋ ናይ እምነታ ስጉምቲ ንኽትወስድ ተደሪኻ፣ ኽዳን የሱስ ንምትንካፍ ብማእከል እቲ ጽቕጥቕጥ ዝብል ዝነበረ ህዝቢ ሓለፈት። ተግባራታ እምነታ ዜረጋግጽ ስጉምቲ ኢዩ ነይሩ ከም ውጽኢቱ ድማ ንኽትፍወስ ሓገዛ።

እዛ ዛንታ እዚኣ ኣብ ኣጸጋሚ ኩነታት እኳ እንተሃለኻ ብእምነትካ ንኽትመላለስ ተተባብዓካ ። ሎሚ እምነትካ ንኸተንጸባርቕ እንታይ ስጉምትታት ክትወስድ ትኽእል ?

ስለ እቶም ኣዕሩኽትኻ ደው ብምባል ድዩ ፤እምነትካ ምስካልኦት ሰባት ብምክፋል ድዩ፣ ወይ ኣብ ኣገልግሎት ሕብረተሰብካ ብተገዳስነት ብምብርካት ብግብርኻ ንእምነትካ ኣንጸባርቃ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንእምነተይ ብግብሪ ከርእያ ኢየ! ኣብ መብጽዓታት ኣምላኽ እምነት ኣሎኒ ብተኣዛዝነት ከኣ ትብዓት ዝመልኦ ስጉምቲ ኽወስድ እየ ። ተግባራተይ እምነተይ ከርኢ ንኻልኦት ከተባብዕ ከምኡውን ነቲ እተዋህበኒ ተልእኾ ኽፍጽም ኢየ።ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 11:1



ዓርቢ፣ 14 ሕዳር

# ብቃል ጌርካ ጸግኖ

**መዝሙር 119:105**
**ቃልካ ንእግረይ መብራህቲ፡ ንመገደይ ብርሃን እዩ።**

ኣብ ኣጸጋሚ ወይ ዜደናግር እዋን ናብ ቃል ኣምላኽ ምምርማር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ። መጽሓፍ ቅዱስ ከም ተራ መጽሓፍ ጥራይ ዘይኮነስ ንመምርሕን ንፈውስን፣ ለውጢ ንምምጻእን ከም ኣገዳሲ ምንጪ ኾይኑ የገልግል እዩ። ዝተፈላለዩ ጸገማት ማለት ኣብ ትምህርቲ ጸቅጢ፣ውጥረት ኣብ ዝምድናታትካ፣ ካልእ ብደሆታት ወይ ብሕታዊ ጸገማት ከጋጥመካ ከሎ ጉዳይካ ኣብ ቓል ኣምላኽ ምፍትሒን መለኮታዊ ጥበብን ክትረክበሉ ትኽእል። ብቃል ኣምላኽ ኩሉ ይጽገን ኢዩ።

ቃል ኣምላኽ ንጹር ዝኾነ ተስፋ ይህበና፣ ኣብ እዋን ጸልማት ንጕዕዞና ድማ የብርሃል። ተስፋታት ኣምላኽ ብምስትንታን ንዚመጸና ዕንቅፋታት ንኽንሰግሮ ዜኽእለና ምጽንናዕን ብርታዐን ኪንረክብ ንኽእል ኢና ። እቲ ቓል ንኹነታትካን ኣረኣእያኻን ናይ ምቕያር ሓይሊ ዘለዎ ህያውን ሓያልን ምኳኑ ኣይትረስዕ።

መዓልታዊ ምስ ቃል ኣምላኽ ዓሚቕ ዝኾነ ዝምድና ምህላው ኣገዳሲ እዩ ። ጥቕስታት ብምንባብን ብምሽምዳድን ወይ ምስ መዛኑኻ ብምምይያጥ እቲ ቓል ንሓሳባትካን ተግባራትካን ኪጸልዎ ፍቐደሉ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ንኩሉ ብድሆታተይ ብቓሉ ኽፈትሖ እዩ! ንቕዱሳት ጽሑፋት ከም መምርሒየይን ምንጪ ብርታዐይን ገይረ እየ ዝቕበሎ ። ብተስፋታት ኣምላኽ ከስተንትን ከለኹ ሓቅነቱ ድማ ነቲ ዝነበረኒ ህይወት ኪቕይሮ እየ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
እብራውያን 4:12



ቀዳም፣ 15 ሕዳር

# ንጸሎትካ ዝድግፍ

**ማርቆስ 11:24**
**ስለዚ፡ እትጽልይዎን እትልምንዎን ዘበለ ኹሉ ዝረኸብኩምዎ እመኑ እሞ ኪኾነልኩም እዩ፡ እብለኩም ኣሎኹ።**

ሓይሊ ጸሎት ኣብቲ ብእኡ ክግበር ዘለዎ ዕዮ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብቲ ንሱ ተደጊፍዎ ዘሎ እምነት ዝተመርኮሰ ኢዩ። እዛ ናይ ሎሚ ጥቅሲ ንኣገዳስነት እምነትን ፣ ኣምላኽ ንጸሎትና ከም ዚምልሰልና ምእማንን ተጕልሕ። እምነት ንጸሎት የደልድሎን ነቲ ቀንዲ ልመናኻ ድማ ዓንዲሕቆ ይኾኖ።

ብዘይ እምነት ምጽላይ ኸንቱ እዩ። ብእምነት ናብ ኣምላኽ ምቕራብ፣ ኣምላኽ ሓይሊ ኸም ዘለዎ ኣፍልጦ ዚህብን ንጸሎትካ ዕምቈት ዘለዎ ዚገብሮን እዩ። ምስ ፍቓድ ኣምላኽ ተሰማሚዕካ ምምልላስ እውን ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ ። ከም ፍቃድ ኣምላኽ እንዳተመላለስካ ዝጽለ ጸሎት ኣድማዕነት ኣለዎ ። ንተስፋታቱ ምእንቲ ኽትርድኦን መሪሕነቱ ምእንቲ ኽትቅበልን ቃሉ ንምጽናዕ ግዜ ኣሕልፍ ።

ብዘይካዚ ኣዘውቲርካ ምጽላይ ኣገዳሲ እዩ ። ምስ ኣምላኽ ብቐጻሊ ምዝርራብ ዝምድናኻ የደልድሎ ዓሚቑ ምርዳእን ምትእምማንን ከም ዝህልወካ ድማ ይገብረካ። ብጽድቂ ምምልላስ ንተግባራትካ ምስ ትምህርትታት ኣምላኽ የሰማምዖ ንጸሎትካ ድማ ድልዱል መሰረት የንብር።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ጸሎተይ ብሓይሊ እምነት ዝተደገፈ ምዃኑ ይእውጅ ኣለኹ።ከምኡ ውን ብጽድቅን ፍቃድ ኣምላኻዊ ዝኾነ ሂወትን ዝተሰነየ ኢዩ። ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተውሳኺ መጽናዕቲ**
1 ዮሃንስ 5:14-15



ሰንበት፣ 16 ሕዳር

# ዓውት መሰለይ ኢዩ

**ኤርምያስ 29:11**
**ኣነ ዝሐስበልኩም ዘሎኹ ሓሳብ እፈልጦ እየ፡ መፈጸምታን ተስፋን ክህበኩምሲ፡ ሓሳብ ደሓን እምበር፡ ናይ ክፉእ ኣይኮነን፡ ይብል እግዚኣብሄር።**

ከም መንእሰይ መጠን ምስ ትጽቢታትካ ክትሰሓሓትን ብቐሊሉ ኣንፈትካ ከተጥፍእን ዝከኣል ኢዩ እዩ። ታሪኽ ዮሴፍ እሞ ርአ (ዘፍጥረት 37)፣ ብኣሕዋቱ ተጠሊሙ ናብ ባርነት ተሸጠ፣ እዚ ድማ ብዙሕ ብድሆታት ኣምጽኣሉ ።ግናኸ ኣብ እምነቱ ጸኒዑ ኣምላኽ ኣብ ሂወቱ ዕላማ ከምዘለዎ ኣስተውዒለ፣እዚ ድማ እብ ግብጺ ብዓቢ ክብሪ ንኽግለጽ ምኽንያት ኮኖ።

 እታ ዘይትቓነቕ እምነት ዮሴፍ እቲ ኣምላኽ ንዓና ዘውጽኦ መደባት ብዕላማን ብልጽግናን ከም እተመልአ የዘኻኽረና ። ውሉድ ኣምላኽ ከም ምኳንካ መጠን ዝኾነ ይኹን ዕንቅፋት የጋጥመካ ብዘየገድስ ዕዉት ከም ዝኾንካ ርጉጽ ኢዩ። ነዚ ሓቂ እዚ ተቐበሎ ኣምላኽ ናብ ዕላማኻ ይመርሓካ ኸም ዘሎ ድማ ተኣማመን ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
ዓወት ናይ ውልድነት መሰለይ ምኳኑ ይእውጅ ኣለኹ! ኣብቲ ኣምላኽ ንህይወተይ ዘውጸኦ መደብ ብምውካልን ንኹሉ ብድሆታት ብምስጋርን ብእምነት ክመላለስ እየ፣ ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተወሳኺ መጽናዕቲ**
ሮሜ 8:28

www.goodnewsdailydevotional.com



ሰኑይ፣ 17 ሕዳር

# ኑማ (PNEUMA)

**ዮሃነስ 14:26**
**እቲ ኣቦይ ብስመይ ዚሰዶ መጸናንዒ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ንሱ ኹሉ ኺምህረኩም፡ ዝነገርኩኹም ዘበለውን ኬዘክረኩም እዩ።**

እታ “ፕነማ” እትብል ናይ ግሪኽኛ ቓል መንፈስ ወይ እስትንፋስ ማለት እያ፣ ነቲ ህይወት ዚህብ ሓይሊ ኣምላኽ ከኣ እያ እተመልክት። ሓደ ሓደ ግዜ እንፈትካ ዘጥፋእካ መገድኻ ድማ ዝሰሓትካ ኰይኑ ክስምዓካ ይኽእል ኢዩ። ግናኸ እቲ ሓጋዚኻ ዝኾነ መንፈስ ቅዱስ ወትሩ ምሳኻ ኢዩ ክመርሓካን ሓይሊ ክህበካን ።

ነቲ ኣብ (ግብሪ ሃዋርያት 2)) ዚርከብ ታሪኽ ጴንጠቆስጠ እስከ ንርአ ። እቶም ደቀ መዛሙርቲ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ተመልኡ ካብ ፈራሃት ሰዓብቲ ክርስቶስ ናብ ተባዓት መሰኻኽር ኪኾኑ ቐየርዎም። እዚ መንፈስ እዚ ንዝኾነ ይኹን ብድሆ ከሳግረካ፣ ጥበብን ብርታዐን ትብዓትን ንምሃብ ምሳኻ ኣሎ።

ንመንፈስ ቅዱስ ናብ ህይወትካ ኽትዕድሞ ኸለኻ ናብ መለኮታዊ ምምራሕን ሓይልን ኢኻ እትኣቱ ። ንስኻ በይንኻ ኸም ዘይኰንካ ኣይትረስዕ፣ መንፈስ ኣምላኽ ኣብ ውሽጥኻ ስለ ዘሎ ዕላማኻ ንኽትፍጽም ከዕጥቐካ ኢዩ።

**ትንቢታዊ ኣዋጅ**
መንፈስ ቅዱስ ሓይለይ ኢዩ ኢለ እእውጅ ኣለኹ! ሓይሉን መሪሒነቱን ተቀቢለ ድማ ንሂወተይ ብርእሰ ተኣማንነትን ብዕላማን ክመርሕ ኢየ።ብስም የሱስ ኣሜን።

**ተውሳኺ መጽናዕቲ**
ግብሪ ሃዋርያት1:8



ሰሉስ፣ 18 ሕዳር

# እይትውደቕ

**1 ቆረንቶስ 10:12**
**ስለዚ እቲ ደው ኢሉ ዘሎ ዚመስሎ፡ ከይወድቕ ይጠንቀቕ።**

